# ማሌሊት እንትትቅላዕ !

## ክፍሊ 3

## ዴሞክራሲያዊ መሰላትን ማሌሊትን

ብግደይ ዘርአጽዮን
መስከረም 1980

ትሕዝቶ ገጽ


1. ካብ ጉባኤ ማሌሊት ክሳብ ፓነል . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . 3
2. ካብ ፓነል ክሳብ ካብ ሜዳ ስንብት . . . . . . . . . . . . . . . . . 6
3. ናይ መስመር ቃልሲ አብ ህ.ወ.ሓ.ት . . . . . . . . . . . . . . . . . . 13
4. ዴሞክራሲን ቃልስናን . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . 17
5. ልጋብ . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . 20

## መቕድም፥

እዚ ጽሑፍ ቅድሚ 27 ዓመት ዝወጸ እዩ። ብታሪኽነቱ ኣንጻር ዝኣረገኣ እንተኾነ ብትምህርትነቱን ኣድላይነቱን ግን ሕጂውን እዋናዊ እዩ። እዚ ጽሑፍ ናብ ተጋደልትን ህዝብን ከይበጽሕ ህወሓት ከልኪላቶ ጸኒሓ እያ። እቲ ዝገርም ግን እቲ ካብ ትግራይ ወጻኢ ዝነብር ትግራዋይ እቲ ዝበዝሕ ናይ ካላኦት ሓሳብ ንኽይሰምዕ እዝኑ ብድልየቱ ዓጺዩ ስለዝጸነሐ እዚ ጽሑፍ ብገፍሒ ኣይተነበበን። ሕጂ ዝሓሸ ናይ መራኸቢ ዕድል ብምህላውን ህዝብናውን ዝሓሸ ናይ ምፍላጥን ጌጋ ምእራምን ተበግሶ የርኢ. ስለዘሎን እዚ ጽሑፍ ታሪኽን ገምጋምን ብምቕራብ ኣስተዋጽኦ ይህልዎ እዩ ዝብል እምነት ኣለኒ። እዚ ሕጂ ንርእዮ ዘለና ኢ.ዲሞክራሲያዊ ጠባይ ናይ ህወሓት ሽዑውን ቁልጭ ኢሉ ዝረአ ከምዝነበረ ካብዚ ጽሑፍ ክንርዳእ ንኽእል ኢና። በቲ እዋን ኣብ ህወሓት ኮይኖም ነዚ ጌጋ ዝፈጸሙን፣ ከምኡውን ካብ ትግራይ ወጻኢ ዝነብሩ ኩነታት ንምርኣይን ንምግምጋምን ብቕዓትን ምቹዊ ኩነታት እንዳሃለዎም ከይገበሩ ንዝሓለፉን ንባዕሎም ክግምግሙ፣ እቲ ካልእ ድማ ካብ ታሪኽ ክመሃርን እዚ ጽሑፍ ኣስተዋጽኦ ንክህልዎ ተስፋ እገብር።

ብዝተረፈ ኣብዚ ጽሑፍ  ቅድሚኡ ዝተጸሓፉ ” ማሌሊት እንትትቀላዕ ክፍሊ 1ን 2ን ” ሕልፍ እንዳበለ ይጥቀሱ እዮም። እዞም ጽሑፋት ትሕዝተኦም ክልሰሓሳባዊ (ideological) እዩ። ንቕድሚት ብዘመናዊ ጽሑፍ ተጻሒፎም ኣብ web ክዝርግሑ ክፍትን እየ። ቕድሚኡ ዝደልዮም እንተሊዩ ግን ናይ ፖስታ ዋጋ ሸፊኑ ኮፒ ክረክብ ይኽእል እዩ። ዘለውኒ ዝተፈላለዩ ጽሑፋት ብዘመናዊ መገዲ ዘይተጸሓፉ ስለዝኾኑ ንህዝቢ ክዝርግሑ ኣይከኣሉን ስለዚ በዚ ኣጋጣሚ ብምጽሓፍ ይኹን ብምዝርጋሕ ክተሓባበሩኒ ዝኽእሉ እንተሊዮም ብትሕትና ይጥይቕ። ንዝኾነ ሕቶን ሓበሬታን ብ e-mail ኣድርሻይ ክርከብ ይኽእል እየ።

ግደይ ዘርኣጽዮን
E-mail : ghzer@online.no

## ካብ ጉባኤ ማሌሊት ክሳብ ፓነል

ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ናይ 1966 ዓ. ም ናዕቢ ኣልዒልዎም ካብ ዝነበሩ ጭርሖታት ሓደ "ናይ ምዕሓፍ ፥ ምዝራብ ፥ ምውዳብ ፥ ሰላማዊ ሰልፊ መሰላት ይከበር" ዝብል እዩ ነይሩ ። እዚ ጭርሖ'ዚ ኣብ ጉኒ ህዝቢ ዝተሰለፈ ወይ ብሸም ህዝቢ ክሽቅጥ ዝደለየ ኃይሊ ኣብቲ እዋን ኣልዒሉ ክጭርሖ ዝግደደሉ ኩነታት ነይሩ ። ደርጊ ሥልጣን ክሳብ ዝሕዝ ናይ ምዕሓፍ ፥ ምዝራብ ፥ምውዳብ መሰል ይከበር እንዳበለ ፀኒሑ መጀመርያ ኣዋጅ ግን ነዚ መሰል ዝኽልክል ነይሩ ። ናይ የካቲት /1966 ናዕቢ ዘልዓሎ ናይ ዴሞክራሲ ሕቶታት ኣይተዓወተን ጥራሕ ዘይኮነስ ቃልሲ ህዝቢ ኢትዮጵያ ናይ ዴሞክራሲ ጨና ብዘይብሉ ፋሽሽታዊ መንግሥቲ ደርጊ እውን እዩ ተጓዕጊፁ ።

ፋሽሽታዊ ተፈጥሮ ደርጊ ናይ ዴሞክራሲያዊ መሰላት ሕቶ ካብ ማንም ጊዜ ንላዕሊ ናይ መቃለሲ ጭርሖ ክኸውን ገይርዎ ኣሎ ። ኣብዚ መድርኽ'ዚ ንዴሞክራሲ ክቃለሱ ዝኽእሉ ደርብታት ሽቃላይ ንኡስ ቡርዧ ፥ ቡርዧ ነዚኦም ወኪሎም ዝለዓሉ ውድባትን " ናይ ምዕሓፍ ፥ ምዝራብ ፥ ሰላማዊ ሰልፊ መሰል ይከበር" ዝብል ጭርሖ የልዕልዎ ጥራሕ ዘይኮነስ ካብቶም መሠረት ናይ ፕሮግራሞም ሓደ ኣካል እውን ኢዩ ።

እዚ መሰል ብሙልእነት ክኽበር ዝኽእል ናይ ሽቃላይን ገባርን ምልክነት ተተኺሉ ባይቶታት እንተተመሥሪተን ጥራሕ እዩ ። ናይ ቡርዧ ፓርላማ ዋላ እቲ ዝለዓለ ዴሞክራሲያዊ እዩ ዝበሃል ነዚ መሰል'ዚ ዘኽብር ምዃኑ ኣብ ሕገ መንግሥቲ ዘስፈረ'ኳ እንተኾነ ብተግባራዊ ኣፈጻፅምኡ ግን ንቡርዧ ብዝጠቅም ነቲ ሽቃላይን ድኻ ገባርን ብዝጐድእ ኣገባብ እዩ ዝፍፅም ። እቲ ሽቃላይን ገባርን ጥቕሙ ንምሕላው ኣንፃር ቡርዧ ተቓውሞን ናይ ሥራሕ ኣድማን ኣብ ዝገብረሉ ብፖሊስ ዝጭፍጨፈሉን ዝእሰረሉን ኣድማ ዝፈርሰሉን ኩነታት ይፈጥር ። እቶም ብሕገ መንግሥቲ ዝተፈቐዱሉ መሰላት ተግባራዊ ንምግባር ጋዜጣታት ፥ሬዲዮ ፥ ቴሌቪዥን ፥ መእከቢ ኣዳራሻት ፥ ካብ ሥራሕ ዕረፍቲ ወዘተ. የድልዮም ። እዞም ኩሎም ድማ ናይ ገንዘብ ሓይሊ ዝጥይቑ እዮም ። እቲ ቡርዧ ቢ ኢኮኖሚያዊ ቦትኡ እዞም ዝተጠቕሱ ነገራት ኩሎም ከማልኦምን ክጥቀመሎምን ይኽእል ። እቲ ሽቃላይን ገባርን ግን ኢኮኖሚያዊ ዓቕሞም ስለዘይፈቕደሎም ክጥቀሙሎም ኣይኽእሉን ። እቲ ናይ ቡርዧ መንግሥቲ እውን ነዚ ነገራት ከማልእሎም ኣይደልን ። ስለዝኾነ ኣብ ቡርዧ ፓርላማ ሕገ መንግሥቲ ከፅድቕ ዝኽእል'ኳ እንተኾነ ተግባራዊ ዝኾነሉ ኩነታት ግን የለን ፥ ዕጉት'ዩ ። እቲ ሓፋሽ ክረኽቦ ዘይኽእል ሕልማዊ ተስፋ ጥራሕ እዩ ኮይኑ ዝተርፍ ።

ናይ ሽቃላይን ገባርን ምልክነት እንተተኺሉ ግን እቲ ሓፋሽ /ሽቃላይን ገባርን / ነዞም ዴሞክራሲያዊ መሰላት ብግቡእ ክጥቀመሎም ኣብ መንግሥቲ ብባይቶ መልክዕ ክካፈል ብምግባር ፥ ሓሳቡ ክገልፅን ክመሃረሉን ዝኽእሉ ጋዜጣታትን ሬዲዮ ፥ ቴሌቪዥን ፥ ኣዳራሻት ወዘተ. ክርከቡ ብምግባርን ፥ ከምኡ'ውን ነዚታት ንምክትታል ዝኽእሎ ናይ መነባብሮ ኩነታት ብምምሕያሽ ነቲ መሰል ተግባራዊ ንምግባር ይከኣል ። ኣብ እዋን ዴሞክራሲያዊ ወያነ እቲ ቡርዧ ነዞም መሰላት ክጥቀመሎም ይኽእል'ዩ ። ነዚ ንምጥቃም ዝኽእሎ ኢኮኖሚያዊን ማተርያላውን ዓቕሚ ኣለዎ እቲ መንግሥቲ'ውን ክሕግዞ ኣይግደድን ። በዚ ምኽንያት'ውን እዩ ዴሞክራሲያዊ መሰላት ናይ ምዝራብ ፥ ምዕሓፍ ፥ ምውዳብ ፥ ሰላማዊ ሰልፊ ወዘተ. ብሙሉእነት ክርከቡ ዝኽእሉ ብናይ ሽቃላይን ገባርን ምልክነት እዩ ንብል ። በዚ ምኽንያት እውን'ዩ ናይ ቡርዧ ፓርላሜንታሪ ሪፓብሊክ ንቃወም ።

ድሕሪ ምውዳቕ ኃይለስላሴን ምትካል ፋሽሽታዊ መንግሥቲ ደርግን ንሙሉእ ዴሞክራሲያዊ መሰላት ንቃለስ ኣለና ዝብል ፀጋማዊ ጭርሖ ዝሓዛ ውድባት እንተሃለዋ'ኳ ንባዕለን እዚ መሰል'ዚ ብተግባር ክፍፅማኦ ኣብ ዝግደደሉ ኩነታት ግን ካብ ጭርሖአን ኣፀቢቐን ዝረሓቓ ምዃነን ዝተረኣየሉ መድረኻት ብዙሕ እዩ ። ብዘተ ክፍታሕ ዝኽእል ኣፈላላይ ናብ ኩናት ክድይብ ፥ ብሓሳብ እንተተፈሊኻ ዘይምፅዋር ብኣንፃሩ ናብ ቂምን ምትንኺልን ምኽድ ፥ ብዴሞክራሲያዊ መንገዲ ክእለ ዝግበኦ ናብ ምእሳርን ምቕታልን ፥ ምፅላምን ፥ ምኻድ ፥ ወዘተ. ኣብተን ንዴሞክራሲ ተቓለስቲ ኢና ዝብላ

ውድባት ብተደጋጋሚ ተራእዩ እዩ ። እዚ ከይድ'ዚ ወያነና ዕምቄትን ብስለትን ከይህልዎ ብዙሕ ዘየድሊ ኪሳራ ኣብ ህይወትን ጉልበትን ማተሪያልን ከስዕብ ብምግባር ፥ ናይ ወያነ ሓይሊ ከምቲ ዝግባእ ከይተሓባበር ኣብ ምግባር ፥ ህዝብና እቲ ዝድለ ዴሞክራሲያዊ ባህልን ህይወትን ክረክብ ኣብ ዘይምግባር ወዘተ. ወዘተ. ዝተፃወቶ ኣሉታዊ ተራ ዓቢይ ምዃኑ ንማንም ብሩህ እዩ ። እዘን ውድባት ካብቲ ሕ/ሰብ ዝፈለቓ ብምዃነን እዚ ሕ/ሰብውን ፍፁም ጨና ናይ ዴሞክራሲ ርእዩ ዘይፈልጥ ብምዃኑ ካብዘን ውድባት ብሓፂር ጊዜ ፍፁምነት ምፅባይ ካብ ወድዓዊ ኣረኣእያን ሓቅን ዝረሓቐ'ኳ እንተኾነ ካብቲ ዘለውኦ ዝበለፀ ዴሞክራሲያውነት ክህልወንን ፥ እቲ ቃልሲ ኣሳልጦ ክረክብን ፥ ሓፋሽውን ክመሃረሉን ናይ ዴሞክራሲ ሕቶ ጠመተን ምንቅስቓስን ክግበረሉ ዝግባእ ኣገዳስን እዋናውን ዕማም'ዩ ።

ናይ ዴሞክራሲያዊ መሰላት ሕቶ ውዓል ሕደር ተባሂሉ ዝጓተት ጭርሖ ኣይኮነን ፥ ዝኾነት ንዴሞክራሲ ክቃለስ እየ ትብል ውድብ ክትፍጠር ጀሚራ ብግብሪ ክትትርጉሞ ዝግባእ እዩ ። ኣብ ውሽጥ ውድብ ይኹን ኣብ ተመሓድሮ ህዝቢ ዴሞክራሲያዊ መሰላት ዘይትፈቅድ ውድብ ድሕሪ ዓወት ዴሞክራሲያዊ መንግሥቲ ክትተክል እያ ኢልካ ምፅባይ ሕልሚ እዩ ክኸውን ። በዚ መሠረት እውን ኩለን ውድባት ኣብ ዴሞክራሲያዊ መሰላት ምኽባር ዝኽተለኦ ኣሰራርሓ ናይ ቅንዕነተን ሓደ ግብራዊ መለከዒ ጌርና ክንወስድ ክንግደድ ኢና ። ኣብዚ ናይ ሔዚ ፅሑፍናውን ንህወሓት/ማሌሊት በዚ መለክዒና ክንግምግማ ክንፍትን ኢና ።

ህወሓት/ማሌሊት ኣብ ዴሞክራሲያዊ ኣሰራርሓ ዘለዎ መልክዕ ብሙሉእነት ክረአ ዝገበረ ሓደ ኣነ ዘልዓልኩዎ ፖለቲካዊ ኣፈላላይ ስለዝነበረ እዚ ኣፈላላይ ብኸመይ ከምዝተፈትሐ ኣግፊሕካ ምርኣይ ከድሊ እዩ ።

ካብ ማ/ኮሚቴ ንዓይን ንበሪሁን ንምውራድ ዝነበረ ሻጥራትን ተንኮላትን ንግዜኡ ገዲፈ እቲ ኣብ ዕላዊ መድረኽ ብግልፂ ንሓፋሽ ኣብ ዝቐረበ ክትዕን ከይድን ህወሓት/ማሌሊት ጨና ዴሞክራሲ እንተሊዩዎ ክንርኢ ። ካብቶም ንፈላለየሎም ነጥቢ ሓደ ካብ 1973 ዓ.ም ጀሚሩ እዩ ነይሩ ። በወገነይ ቀጥታዊ ዝኾነ ፕሮግራም ተንከፍ ነገራት ስለዝይልዓለ ቀስ ኢለ ግዜ ምስረኸብኩ ከዕሪዮ እየ ብምባል በቲ ውድብ እውን ግድነት ሕዚ ክፀሪ ኣለዎ ዝብል ቅዋም ስለዘይነበረ ክሳብ ቀዳማይ ጉባኤ ማሌሊት 1977 ዓ.ም ከምኡ ኢሉ ፀኒሑ ነይሩ ። እዚ ኣፈላላይና'ዚ ኣብ ናይ 1973 ኣኼባ ማ/ኮሚቴ ምስተልዓለ ብድሕሪኡ ተላዒሉ ኣይፈልጥን ። ካብ ዝገርም ነገር ግን ኣብ ጉባኤ ክቐርብ ከሎ ገፊሑ ናይ መስመር ቃልሲ ኣብዚ ነጥቢ'ዚ ከምዝነበረ ኮይኑ ክቐርብ ተፈቲኑ ። ማሌሊት ኣብ ናይ ካልኦት ፓርቲታት ታሪኽ ገፋሕትን መረርትን ናይ መስመር ቃልሲ ኣካይደን ዝተመስረታን ህልውናአን ዘረጋገጻን ምዃነን ስለትሰምዕ ካብቲ ልሙድ ኣቀራርባ ናይ ታሪኻት ፎርማሊቲ ከይተጉድል መሪር ናይ መስመር ቃልሲ ናርባዕተ ዓመት ኣካይድና ብዝብል መሠረት ዘይብሉ ታሪኽ ክተቐምጥ ፈቲና ። ብኻሊእ መንገዲ እንተሪኢናዮ ድማ እቶም ቅኑዕ መስመር ሒዝና ዝብሉ ገለ ኣባላት ፖ/ቢሮ ንባዕሎም አዕብዮምን ኣጋኒኖምን ንምቕራብ ዝገብርዎ ፈተነ ምዃኑ ርዱእ እዩ ። እምበር ኣብ ታሪኽ ህወሓት ናይ መስመር ቃልሲ ኣብ ውሽጢ ውድብ ኣካይድና ዝብል ክቐርብ ኣይኽእልን ።

እዚ ተኻይዱ ዝበሃል ቃልሲ ንሓፋሽ ወሪዱ ንክትዕ ቀሪቡ ድዩ? ኣብቲ ሓፋሽከ በዞም መስመራት ምኽንያት ኣብ ክልተ ዝተኸፈለሉ ጊዜ ነይሩ ድዩ? ፈፂሙ ኣይነበረን ። ናይ ማሌሊት ጉባኤ ከም ሓደ ኣገዳሲ ገምጋም ዘቐመጠ ነጥቢ እንተነበረ ኣብቶም ኣብ ህወሓት ዝተወሰዱ መርገፂታት ብሙሉኦም ዝነበሩ ናይ ሓሳባት ኣፈላላያት ናብ ተጋዳላይ ክወርድ ዘይምግባር ዓቢይ ድኽመት ምንባሩ እዩ ። /ነዚ ዝምልከት ኣብ "የህወሓት ኮሙዩኒስት ኃይል የ10 ዓመት ጉዞ ግምገማ ሓምሌ 1977 ገፅ 87 ተመልከት/ ። ናይ ሕወሓት ኮሙዩኒስት ማእኸል ተባሂሉ ዝፅዋዕ ዘሎ እቲ በብእዋኑ ዝምረፅ ዝነበረ ማ/ኮሚቴታት እዩ ። እዚ ማለት ድማ ክሳብ 1971 ዓ.ም ሾውዓተ ኣባላት ነይሮም ፥ ካብ 1971 ዓ.ም ክሳብ 1975 ዓ.ም 12 ኣባላት ኮይኖም ፥ ካብ 1975 ዓ.ም ክሳብ 1977 ዓ.ም 29 ኣባላት ኮይኖም ። እዞም ኣብ ዝተፈላለየ መድረኽ ዝነበሩ ማ/ኮሚቴታት ዘሕለፍዎ ውሳነ ኣብ ግብሪ ንኽትርጉሞ ጥራሕ ናብቲ ተጋዳላይ ይወርድ ነይሩ ።

ከም ኣብነት እዛ ካብ 1973 ዓ.ም ጀሚሩ ምሳይ ኣፈላላይ ነይሩና ትብል እንተወሲድና ኣብቲ እዋን እንካብ ዝነበሩ 12 ማ/ኮሚቴ ሸውዓተ ጥራሕ ዝተኻፈሉሉ ካብ ዞም ሸውዓተ እቶም ሰለስተ እቲ ዝነበረ ክትዕ ክከታተልዎ ዘይከኣሉ እዮም ነይሮም ። ድሕሪ'ዛ ኣኼባ እታ ነገር ተላዒላ ኣይትፈልጥን ። ከምዚ ስለዝነበረ እውን'ዩ እቲ ነገር ናብ ጉባኤ ክቐርብ ከሎ እቲ ኣፈላላይ ዝበዝሕ ማ/ኮሚቴ ዘይፈልጦ ምንባሩ እቲ ጉባኤተኛ ክዕዘብ ዝኽኣለ ። ከምዚ ዝበለ መርገጽታት እዩ ማሌሊት ብብቕዓት ኣመዝጊብና ኢላ ፕሮፓጋንዳ ትነዝሕ ዘላ ።

ካሊእ ዝገርም ነገር ግን ኢቲ ጉባኤ ናይ መስመር ኣፈላላይት ናብ ተጋደልቲ ከይዝርጋሕ ምግባር ከም ድኽመት ገምጊሙ እንዳሃለወ እቲ ናተይ ኣፈላላይ ግን ማ/ኮሚቴ ውሱን ገደብ ናይ ጊዜ ሂቡ ውሳነ ክሕልፈለይ ሓላፍነት ሂቡዎ ። እቲ ማእከላይ ኮሚቴ ናተይ ዕንዓት ምስረኣየ ነቲ ኣፈላላይ ናብ ተጋደልቲ ከይዝርጋሕን ንዓይ ናይ ምብራር ወይ ምእሳር ስጉምቲ ክወስድ እዩ ማለት እዩ ።

በዚ መሠረት ማ/ኮሚቴ ክሳብ ቀፃሊ ኣኼባኡ ናይ 9 ወርሒ ጊዜ ዕንዓተይ ኣጠቓሊለ ከቕርብ ገደብ ሂቡኒ እዚ ዕንዓት ምድብ ሥራሐይ እውን እናካየድኩ ዝግበር እዩ ነይሩ ። ነዚ ዝከታተሉ ክልተ ኣባላት ፖ/ቢሮ መለስን ዓባይን ተመዲቦምለይ ።

ኣነ ናይ "ሸቃላይን ገባርን ምልክነት (ሶሸየትስ)" ዝምልከት ዕሑፍ ብወርሒ ሚያዝያ 78 ኣቕሪበ ። ነዚ ዕሑፍ መልሲ ብኣባይ ፀሓየ ተዳልዩ ወርሒ ሰነ ክልቲኡ ዕሑፍ ንማ/ኮሚቴ ተዘርጊሑ ። ኣባይ ኣብ ዘቕረቦ ዕሑፍ ተወሰኽቲ ሓደሽቲ ኣፈላላይያት ስለዝነበሩ ነዚ መልሲ ዘዳሉ ከምዘሎኹ ኩሉ እቲ ኣፈላላያትና ድማ ግፍሕ ዝበለ መድረኽ ክረክብ ናብ ተጋደልቲ ክዝርጋሕ ብ23/1/79 ንፖ/ቢሮ ሓቲተ (እቱ ደብዳቤ ከም ልጋብ ኣብ መጨረሻ ቀሪቡ ኣሎ ተመልከት) ።

ነዚ ዝተውሃበኒ መልሲ ናትካ መስመር ብጉባኤ ዝተነፀገ ስለዝኾነ መድረኽ ኣይፍቀደልካን ። መድረኽ ክፍቀደልካ እንተኾይኑ እቲ ፕሮግራም ንምይይጥ ንካልኣይ ጉባኤ ክዝርጋሕ ከሎ ጥራሕ እዩ ። ብዘይካ ምስቶም ዝተመደቡልካ ክልተ ፖ/ቢሮ ኣባላት ምስ ካልእ ሰብ ክትመያየጠሉ ኣይትኽእልን ዝብል ነይሩ ። እዚ ዝፀሓፈለይ ክወፅእ ከሎኹ ስለዘሕደጉኒ ከምዘለዎ ከቕርቦ ኣይከኣልኩን ብሕዳር 8/79 ዓ.ም ዝፀሓፈለይ ደብዳቤ ነዚ ክትገልፅ ስለትኽእል ኣብ ልጋብ ኣላ ምርኣይ ይከኣል ።

ቅድሚ ጉባኤ ምብፅሑ ማ/ኮሚቴ ተኣኪቡ ከባርረኒ ወይ ክኣስረኒ ክውስን እዩ ። ብድሕሪኡ ኣብ ጉባኤ ሓሳባተይ ብምንታይ ኣገባብ ከቕርብ ይኽእል? ካልኣይ ብጉባኤ ወይ ብማ/ኮሚቴ ዝፀደቐ ውሳነ ዝፃረር ሓሳብ እንተልዩ ምስ ማንም ሰብ ክትመያየጠሉ ኣይትኽእልን ዝብል መርገጺ ኣብ ቐዳማይ ኣኼባ ማ/ኮሚቴ ናይ ማሌሊት ዝተወሰደ እዩ ። እዚ መርገጺ እቲ ቅድሚ ምስረታ ማሌሊት ዝነበረ እንተወሓደ ኣብ ክሊ ማ/ኮሚቴ ኣባላት ሓሳባት ኣልዒልካ ክትመያየጠሎምን ፥ ዕንዓት ክትገብረሎምን ፥ ክተማዕብሎምን ዘኽእለካ ኩነታት ጨሪሱ ዝዓፁ ዘይዴሞክራሲያዊ ኣሰራርሓ ብማ/ኮሚቴ ማሌሊት ፀደቐ ። እዚ ውሳነ ከዕድቕ ከሎ ኣባል ማ/ኮሚቴ ማሌሊት ስለዝነበርኩ ሽው ተቓውሞይ ኣስሚዐ ነይረ እየ ።

ኩነታት ከምዚ እናሃለወ ኣብ ወርሒ ሕዳር /1979 ዓ.ም ኣብ ዝካየድ ዝነበረ ሪጅናዊ ኮንፈረንስ ናይ ማሌሊት ሃፍታም ገባር ብዝምልከት እቲ ፕረዝድየም ዘቕረቦ ገምጋም ስለዝነበረ ካብቶም ኣፈላላይና ሓደ ነጥቢ ብምንባሩ ኣነ ተቓውሞ ከምዘለኒ ገሊፀ ፥ ሓሳበይ'ውን ክገልፅ ክፍቀደለይ ሓቲተ ። እቱ ኮንፈረንስ ብናይ ተወልደ ኣባል ፖ/ቢሮ መተሓሳሰቢ መሠረት ንፕሮግራም ናይ ማሌሊት ዝቃወም ሓሳባት ስለዝኾነ ክዛረብ ክፍቀደሉ የብሉን ኣብዚ ኮንፈረን'ውን ክካፈል የብሉን ዝብል ውሳነ ኣሕሊፉ ካብቲ ኮንፈረንስ ወፂአ ።

ተመልከቱ ፕረዚድየም ንኮንፈረንስ መመያየጢ ኢሉ ኣጀንዳ ኣቕሪቡ ፥ ቁጣበ ወይ ተቓውሞ ክትቕርብ ዘይፈቅድ ውዳሰ ጥራሕ ዝደሊ እንታይ ዴሞክራሲያውነት ኣለዎ? እቲ ኣጀንዳ ንፕሮግራም ስለዝተንከፍ ኣብ ፕሮግራም ቁጣበ ወይ ተቓውሞ ክትቕርብ ኣይትኽእልን ዝብል ማሌሊታዊ ኣሠራርሓ ፀረ ዴሞክራሲን ምዕባለ ናይቲ ቃልሲ ዝዓግትን እዩ ። ዝሓለፈ ውሳነታቱ ድኽመታት እንተነይሮም

ክርኢ ዘይደሊ ከም ናይ ዓሰራ ግመል ዓይኑ ተሸፊኑ ኣብ ሓንቲ ዓንኬል ጥራሕ ክኸይድ ዝገብር ኣሠራርሓ ማሌሊት ምንም ጨና ናይ ዴሞክራሲያውነት የብሉን ። እቲ ሃፍታም ገባር ዝምልከት ዝቐረበ ገምጋም ዘይተረደኦምን ዘይኣመኑሉን ተጋደልቲ ስለዝነበሩ ኣነ ካብቲ ኮንፈረንስ ምስወፃእኹ ክትዕ ዘይብሉ ግን ነቲ ናይ ፕረዝድየም ገምጋም ዝድግፍ ግፍሕ ዝበለ መግለፂታት ብዝተፈላለዩ ኣባላት ማ/ኮሚቴ ተዋሂቡ እዩ ። ብላዕሊ ተፈትፊቱ ዝቐረበ ሓሳባት ንታሕተዎት ብዘይክትዕ ይቐርበሎም ስለዝነበረ ዓቢይ ድኽመት ነይሩና ዝብል ገምጋም ናይ ጉባኤ ሕዝውን ድኽመቱ ክእርም ከምዘይደሊ ብግብሪ ንርኢ ኣለና ።

ብድሕሪዚ ብሕዳር 8/79 ዓ.ም ኣብ ዝተፅሓፈ ደብዳቤ ካብቲ ፓርቲን ግንባርን ከምዝተባረርኩ ድሕሪ ምግላጽ ካብ ፕሮግራምና ዝተፈለየ ሓሳባት ነቲ ውድብ ''ይጠቅም'' እዩ ኢልና እንተኣሚና መድረኽ ስለንፈቕደሉ ኣብ ፓናል ክትካፈል ፈቓደኛ እንተኾይንካ ብፅሑፍ ኣፍልጠና ዝብል ነይሩ ። እዚ ናተይ መስመር ግፍሕ ዝበለ መድረኽ ክፍቀደለይ ሓቲተ ዝተውሃበኒ መልሲ ከምቲ ቅድም ክብል ዝረኣናዮ እዩ ። ሽዑ ናተይ ሓሳባት ነቲ ውድብ ''ጠቓምነት'' የብሉን ተባሂሉ ነይሩ ሕዚ ድኣ ''ጠቓሚ'' ንክኸውን እንታይ ሓድሽ ኩነታት ተፈጢሩ? እቲ ተጋዳላይ ነቶም ዝተፈላለዩ መስመራት ብብስለት መምዩ ዝኣምነሉ መስመር ክኽተል ዕላማ ናይ ማሌሊት ኣይኮነን ። ንግደይ ኣብ ሓንቲ መድረኽ ዝተፈላለየ ሻጥራትን ምድንጋራትን ኣካይድካ ምፅላምን ፥ ምብራርን እዩ ነቲ ውድብ "ዝጠቅም" ዝበሃል ዘሎ ። ብዛዕባ ናይዛ ፓነል መድረኽ ዕላማ ዝምልከት ኣብ "ገምጋም ፓነልና ክፍሊ 2" ትብል ተፃሒፉ ስለዘሎ ንጊዜኡ ኣብዚ ጠጠው ክንብል ኢና ።

## ካብ ፓነል ክሳብ ካብ ሜዳ ስንብት

ከምቲ ቅድም ኢልና ዝረእናዮ ኣብ ፕሮግራም ኣፈላላያት ስለዘለና ካብቲ ፓርቲን ግንባርን ከምዝተባረርኩ እዩ ። ኣብዚ ብሩህ ክኸውን ዘለዎ ነገር ናይ ፕሮግራም ኣፈላላይ ኣለኒ ክብል ከለኹ ነቲ ማሌሊት ፕሮግራመይ ኢሉ ዘርጊሓቶ ዘላ እቃወሞ ማለትይ ኣይኮነን ። እቲ ፕሮግራም እቲ ማሌሊት ብግብሪ እትምረሓሉ ኣይኮነን ። ኣብ ቡርዧ ዝወሰደቶ ቁዋም ነቲ ፕሮግራም ዝፃረር ቁዋማት ክትወስድ ስለዝገበራ ብግብሪውን ዝወሰደቶም ዘንባዕ መርገፂታት ስለዘለዉ እዩ ናይ ፕሮግራም ኣፈላላይ ኣለና ዝብል ዘለኹ ። ናይ ኣፈላላይና ትርጉም ኣብ "ገምጋም ፓነልና" ትብል ፅሕፍቲ ብመጠኑ ገሊፀዮ ኣለኹ ። ንቕድሚት ግፍሕ ብዝበለ መልክዑ ክወፅእ እዩ ።

ኣብ ፕሮግራም ኣፈላላያት እንተልዩካ ምፍንጫል ግድን እዩ ። ኣብ ናይ ኢትዮጵያ ፖለቲካዊ መድረኽ ኣብ ፀላእቲ ይኹን ኣብ ተቓለስቲ ቡድናት ብናይ ሓሳባትን መስመርን ኣፈላላይ ምኽንያት ምፍንጫላት ምርኣይ ሓዲሽ ነገር ኣይኮነን ። ፀላኢ ንምድኻምን ቀልጢፍካ ብዘይ ብዙሕ ኪሳራ ንምዕዋትን ሓይልኻ ኣተሓባቢርካ ምቅላስ ናይ ኩሉ ተቓላሳይ ድልየት ክኾን ይግባእ ። እዚ ክንብል ከለና ግን እንታይ ዓይነት ሕብረት ? ኣገባብ ? ንዝብል ሕቶታት ግቡእን ሳይንሳውን መልሲ ብምሃብ ክኸውን ኣለዎ ። ሓባራዊ ፕሮግራም ከይሓዝካ ብሓባር ክንጓዓዝ እንተበልካ ሓደ ንየማን ሓደ ንፀጋም ክውጥጥ ነቲ ቃልሲ ክዕንቅፍ'ምበር ዘሳልጥ ኣይኸውንን ። ኣብ ፕሮግራም ኣፈላላያት እንተልዩካ ተፈናጪልካ ነናይ ባዕልኻ ፕሮግራም ሒዚካ በቲ ከተኣሳስረካ ዝኽእል ዝነኣሰ ፕሮግራም ጥራሕ ክትተሓባበር ምግባር ነቲ ቃልሲ ብዝበለጸ ዕርየቱ ክሕሉን ክሰልጥን ክገብር ይከኣል ። ምእንቲ ሕብረት ኢልካ ፕራግማቲክ ኣፈላላያት ፀቒጥካ ክትጓዓዝ ኣይከኣልን ትኽክል'ውን ኣይኸውንን ። ዓንቃፊ'ምበር ዘሰጉም ኣይኸውንን ። ካብዚ ብዝተረፈ ግን ንሓባራዊ ፕሮግራምካ ዘይትንክፍ ብዝኾኑ ደቀቕቲ ወይ ዘይመሰረታዊ ኣፈላላያት ናብ ምፍንጫል ምዝንባል ጉጉይን ክግበር ዘይብሉን ንቓልሲ ዓንቃፍን ምዃኑ በቲ ካልእ ገፅ ምግንዛብ የድሊ ።

ካልእ ኣብ ምፍንጫል ዝረኤ ጉጉይ ዝንባለ ንዴሞክራሲያዊ ኣፈላላያት ብዴሞክራሲያዊ ኣገባብ ዘይምእላይ እዩ ። ኣብ ናይ ኢትዮጵያ ፖለቲካዊ መድረኽ ዝበዝሕ ጊዜ ዝረኤ ዝተፈንጨለ ኃይሊ ከምፀላኢ ርኢኻ መጥቃዕትታት ምፍፃም እዩ ። እቲ መጥቃዕቲ ካብ ምፅላም ጀሚሩ ክሳብ ናይ ምድምሳስ ስጉምቲ ይኸይድ ። ዝበዝሕ ጊዜ ዝዓበየ ጊጒለ ነቲ ዝነኣሰ ፥ ዝሓየለ ነቲ ዝደኸመ

ክጭፍልቕን ከጥፍእን ዝፅዕር ምኺኑ ኢና ንርኢ ። ይኹን'ምበር እቲ ንእሽተይን ዝደኸመን'ውን ብዝከኣሎ ኣብቲ ዓብይ ጉድኣት ንምብፃሕ ክሳብ ናብ ፀላኢ ተፀጊዕካ ንምጥቃዕ ምፍታንን ይረኤ እዩ ። ዴሞክራሲያዊ ባህሊ ኢትዮጵያ ድማ ነዚ ጉጉይ ኣተኣላልያ ጎንጺ ዓዳምን ዝውቱርን ይገብሮ ከምዘሎ ግሁድ እዩ ።

ካብዚ ቀፂልና እንሪኦ እምበኣር ማሌሊት ዝተፈለየ ፖለቲካዊ መስመር ሒዙ ንዝጓዓዝ ሓይሊ ከመይ ከምትሪኦን ከምትሕዞን እዩ ክኸውን ። ካብ ፓርቲን ግንባርን ምስተባረርኩ ብሕዳር 10/1979 ዓ.ም ኣብ ዝጸሓፍኩዎ ደብዳቤ እንተወሓደ ፀረ ደርግን ናይ ሩሲያ ኢድ ኣእታውነትን ምስ ሕወሓት ኮይነ ክቃለስ ከምዝኽእልን ከምዝደልን ነዚ ግምት ኣእትዩ ድማ ማ/ኮሚቴ መልሲ ክህበኒ /ዝርዝር ኣብ ልጋብ ተመልከት/ ሓቲተ ።

ማሌሊት ካብ ናይ ፓነል መድረኽና ጀሚራ ናዓይ ንምፅላም ገፊሕ ወፈራ ከምዝጀመረት ቅድሚ እዚኣ ኣብ ዝነበረት ፅሕፍቲ ርኢና ኢና ። ሕዚ ድማ ነዚ ኣብ ላዕሊ ሓቲተዮ ዘሎኹ ዝሃበትኒ መልሲ ገሊኡ ክንርኢ ።

ብ 25/6/79 ዓ.ም ዝተፀሓፈ ደብዳበ ከምዚ ዝስዕብ ይብል /ንዝርዝር ኣብ ልጋብ ተመልከት/ ። ናይ ማ/ኮሚቴ ማሌሊት ህወሓት ብዝሃቦ ውሳነን መምርሕን መሠረት ፖ/ቢሮ ናትካ ጉዳይ ብዝምልከት ውሳነኡ ዝስዕብ'ዩ ።

1. ግደይ ክሳብ ሕዚ ዘርኣዮ ጉዕዞ ዘርዳኣና ንሓሳባት ደው ዝበለን ብሓሳባት ተመሪሑ ካብ ህወሓት /ማሌሊት ዝተፈለየን ፖለቲካዊ ሰብ ምኺኑ ከይኮነስ ንሓሳባት ብኣንፃር ክብሩን ጥቕሙን ዝሕዞም ወይ ዝድርብዮም ዝሓብኦም ዝኽሕዶም ጉልባብ ናይ ውልቃዊ ድሌትን ክብርን ዝኾኑ መርገፅታት እዮም ዘለውዎ ። ስለዚ ዋላ ጉጉያት ይኹኑ ከም ፖለቲካዊ መርገፅታት መጠን ሒዙ ንፁር መስመር ዘለዎ ፖለቲካዊ ሰብ ዘይምኺኑ ኢና እንርዳእ ።

2. እቶም ግደይ ዝሓዞም ፖለቲካዊ ኣፈላላያት ዝሓዘ ውልቀ ሰብ ብስልታዊ ወይ ስትራተጂያዊ ግንባር ከተኣሳስረናን ክቃለሰሉ ምትሕብባር ክንገብርን እምነትና እዩ ። ግደይ ግና ነቶም ሒዙዎም ዘሎ ሓሳባት ሒዙ ከም ፖለቲካዊ ሰብ ዝቐፅልን ብቐዳምነት ንደርግን ሶቭየት ሕብረትን ዝፃረር ናይ ብሓቂ ዝቃለስ ሰብ ክኾን ምኺኑ ዘእምነና ተግባር ስለዘይረኣናሉ ።

2.1. እዚ ብተግባር ክሳብ እንርኢ ማለት ናይ ብሓቂ ፀረ ደርግን ሶቭየት ሕብረትን ዝቃለስ ፖለቲካዊ ሰብ ምኺኑ ክሳብ እንዕዘብ እቲ ብፃውዒት ናይ ስሙር ግንባር ምትእስሳር ሕቶኡ ብዝተወሰነ ናይ ትዕዝብቲ መሰጋገሪ እዋን ኣረጋጊፅና ጥራሕ ንቕበሎ ። ብመሠረተ ሓሳቡ ተቐቢልና ተግባሩ ንዝተወሰነ ጊዜ ክንዕዘብን ድሕሪኡ ሪእና ክንቅበሎን ሕዚ'ውን ዕድል ኣይንዓፅዎን ብፕሮቭዢን ክንሪኦ ተስፋ እንተልይዎ ክሳብ መወዳእታ ክንፅዕርን ፀረ ቀዳሞት ፀላእቲ ክቃለስን ተወሳኺ ፃዕሪ ክንገብር ሕዝ'ውን ዕድል ንህቦ ።

ናይ ማሌሊት ሸፈጥ ሓንቲ መስመርውን ዘሊሉ ክኸይድ ከምዘይኽእል ካብዚ ላዕለዋይ ውሳነ ክንርዳእ ንኽእል ። ኣብታ ቀዳመይቲ ቁፅሪ ግደይ ካብ ህወሓት/ማሌሊት ዝፈልዮ ንፁር ፖለቲካዊ መስመር የብሉን ይብል ። ኣብታ ካልኣይቲ ቁፅሪ ወሪዱ ድማ ምስ ከም ናይ ግደይ ኣረኣእያ ዘለዎም ውልቀ ሰባት ብስሙር ግንባር ወይ ብታክቲካዊ ግንባር ደረጃ ክንተሓባበር ንኽእል ይብል ። ነንባዕሉ ዝተላኸፀ ምኺኑ ማንም ሰብ ክርድኦ ዝኽእል ይመስለኒ ። ቀዳማይ እንድሕሪ ናይ ግደይ ኣረኣእያ ካብ ናይ ህወሓት/ማሌሊት መስመር ዝተፈለየ ኣይኮነን ኣፈላላይ ምንም ፖለቲካዊ ትርጉም የብሉን ዝብል ኣረኣእያ ሃሊዩ ንምንታይ ድኣ ንግደይ ካብቲ ፓርቲ/ግንባር ምብራር ኣድለዮ ? ማሌሊት ፖለቲካዊ ትርጉም ብዘይብሉ ንሰብ ካብ ቃልሲ ተበርር ምኺና ኢና ክንርዳእ ማለት'ዩ ፥ ካልኣይ ግደይ መስመር የብሉን እንዳበልካ ፀኒሕኻ ከም ናይ ግደይ ኣረኣእያ ዘለዎም ብስሙር ግንባር ክንተሓባበር ንኽእል ማለት እንታይ ማለት'ዩ ? ንሕና ግንባር ክምስረት ዝኽእል ኣብ ሞንጎ ፖለቲካዊ መስመራትን ኣረኣእያታትን ፕሮግራምን ዘለዎም ኣካላት እዩ ። ስለዝኾነ ማሌሊት ክተደናግር'ኳ እንተፈተነት ብቲ ካልእ ወገን ግደይ መስመር ኣለዎ ፥ ስሙር ግንባር ክገብር ይኽእል'ዩ ኢላ ክትቅበል ተገዲዳ ። ሸፈጥን ሓሶትን ማሌሊት ክሳብ ክንድዚ ሰንካል እዩ ።

ካልእ ኣብ ቁፅሪ /1/ ግደይ ዝሕዞም ወይ ዝገድፎም ሓሳባት ምእንቲ ክብሩን ጥቅሙን ኢሉ እዩ ይብል ። እዚ ኣበሃህላ ዋላ ሓንቲ ፖለቲካዊ ትርጉም የብሉን ። ካብቲ ውድብ ብምብራረይ ዝረኽቦ ክብሪ ወይ ጥቅሚ ኣሎ ማለት ዲዩ ? ማሌሊት ተትሕብረኒ ፅቡቕ ነይሩ ። እዞም ናተይ ሓሳባት ካልእ ሰብ'ውን ክሕዞም ከምዝኽእል ኣብቲ ቁፅሪ /2/ ማሌሊት ኣሚናትሉ ኣላ ። እዞም ካልኦት ሰባት'ውን ነዚ መስመር ዝኽተሉ እንተኮይኖም ከም ግደይ ውልቀ ክብሮም ንምሕላው ዝደልዩ'ዶ ይኾኑ ? ብርግፅ'ውን ነዚ መስመር ዝኽተሉ እኒሄው ፥ ማሌሊት ነቲ ተላዒሉ ዝኒሀ ፖለቲካዊ ሕቶ ብብቕዓት ክትምክት ዘይምኽኣላ ጥራሕ እዩ ከረድኣና ዝኽእል ። ካልእ ግደይ ነዚ መስመር ዝሓዘ ካብ መዝነት ስለዝወረደ ክጋደል ስለዘይደሊ እዩ ኢላ ማሌሊት ክተጋፍሕ ትፍትንያ ፥ ግን እዚ መስመር ካብ 73 ዓ.ም ጀሚሩ ኣብ መዝነት ከለኹ ሒዘዮ ዝነብርኩ መስመር ምዃኑ ንኹሉ ብሩህ እዩ ።

ካልእ ግደይ መስመሩ ተሪሩ ሒዙ ዝኸይድ ፖለቲካዊ ሰብ ኣይኮነን ይብሉ ። "መስመርካ ተሪርካ ምሓዝ" ዝብል ፍሉይ ማሌሊታዊ ቋንቋ ምናልባት ከይኸውን ። እቲ ኩልና እንርድኦ ቋንቋ እንተኾይኑ ግን ግደይ ኣብ ቀዳማይ ጉባኤ ማሌሊት መስመርካ ንፕሮግራም ስለዝፃረር ካብ ፓርቲ ክትባረር ኢኻ እንዳተብሃለ ኣይለቐቐን ነዚውን'ዩ ከፅንዕ ጊዜ ተውሃበ ። ኣብ ኮንፈረንስ ይኹን ኣብ ፓነል ከምቲ ኩልና ዝተዓዘብናዮ ብዙሕ ፅዕንቶታትን መፀለምታትን እንዳተኻየደ ናይ ምብራር ስጉምቲ እንዳተወሰደ ግደይ መስመሩ ኣይለቐቐን ። ኣብ ትኣምነሉ መስመር ምትራር ማለት ድማ እቲ እንፈልጦ እዚ እዩ ። ካብዚ ወፃኢ ክንርደኦ እንተኾይና ሸውራር መነፀር ናይ ማሌሊት ክነእቱ ኣለና ማለት'ዩ ። ብተወሳኺ ማሌሊት ንግደይ ፖለቲካዊ ሰብ እዩ ኢላ ክሳብ ኣፈላላይና ኣብ ኮንፈረንስ መፅኡ ካብቲ ፓርቲ ተባርረኒ ኣባል እቲ ፓርቲ ኮይነ ፀኒሐ እየ ። ሕዚ ፖለቲካዊ ሰብ ኣይኮንካን ዘብለኒ ዘሎ ካብቲ ውድብ ዝተፈለየ መስመር ምሓዘይ እዩ ክኸውን ዝኽእል እምበር ካሊእ ምኽንያት የብላን ። ማሌሊታዊ መስመር ዘይተኸተለ ፖለቲካዊ ሰብ ኣይኮነን ምስ ዝብል ውድብ ከረዳድእና ዝኽእል ፖለቲካዊ ቋንቋ ንረክብ ኣይመስለንን ።

እስቲ ነዚ ማሌሊት ውሳነ ፖለቲካዊ ትርጉም እንተሊዎ ብኻሊእ መልክዑ ንርኣዮ ። ግደይ መስመሩ ተሪሩ ዘይሕዝ ሰብ'ዩ ፥ ንውልቀ ክብሩ እዩ ዝቃለስ ፥ ዝብሎ ገምጋም ሓቂ እንተዝኸውን'ከ ኢልና ንውሰድ ። እዚውን እንተዝኸውን ኣብ ፀረ ደርግን ሶቭየት ሕብረትን ግንባር ክንቀበለካ ፅንዓት ክንገብር ኢና ናብ ዝብል መደምደምታ ክበፅሕ ኣይኽእልን ። ምኽንያቱ ማሌሊት ግደይ ፀረ ደርግን ሶቭየት ሕብረትን ተሪሩ ኣይቃለስን ተወላዋሊ'ዩ ክነፅንዖ ይግባእ ዝብል ውሳነ ኣይወሰደትን ክትወስድ'ውን ኣይትኽእልን ። እቲ መስመረይ ተሪረ ንሓዞ ወይስ ንደርብዮ ፥ ነቲ ናይ ፀረ ደርግን ሶቭየት ሕብረትን ግንባር ረቋሒ ነጥቢ ኣይኮነን ። ግደይ ክነፅንዖ ኣለና ዝብል ከቐምጡ እንተኾይኖም ነቶም ናይ ታክቲካዊ ግንባር ረቋሒታት ኣየማልአን ዝብል ጥርጣረ እንተልዩ ጥራሕ እዩ ክኸውን ዝኽእል ። ከቐምጡ ዝኽእሉ ግን ኣይመስለንን ። ዝገርም ነገር እንተሃለወ ግን ነዚ ውሳነ ካብ ዝውሰዱ ዘለዉ ኣባላት ፖ/ቢሮ ኣብ ዓውዲ ውግኣትን ቃልስን ነብሶም ፈትዮም ዝባኖም ቀሊዖም ዘድሓርሓሩን ተበለፅትን ምህላዎም እዩ ።

ማሌሊት/ህወሓት እቲ ሒዘዮ ዘሎኹ መስመር ተሪረ ዝቃለሰሉ ምዃነይ ጠፊእዋ ብሓቂ ክተፅንዐኒ ድያ ደልያ ? ነዚ ንምምላስ መስመረይ ሒዘ ኣብ ህዝቢ ክንቀሳቐስ መስለይ ክኽበር ንዝሓተትኩዎ ብ 4/8/79 ዝተውሃበኒ መልሲ ዝስዕብ ንርኢ/ንዝርዝር ልጋብ ተመልከት/

2. ምሳና ብናይ ትዕዝብቲ እዋን ኣብ እትፀንሐሉ እዋን ግና እዚ ናይ ዜጋ መሰልካ'ዚ ካብ ብቐጥታ ምጥቃም ኣብ ንሓደ ፖለቲካዊ ሓይሊ ምዃኑ ዘድሊ ካሊእ መሠረታዊ ነገራት ክተተኩርን ነዚ ካብ ልቢ ትኹረት ሂብካ ናብ ፍለጡኒ ፖለቲካዊ ሰብ'የ ምባል ተብተብ ከይበልካ ጭቡጥ ቁም ነገር ዘለዎ ምድላው ምግባር ክተተኩር ይረኣየና ። ሕዚ ነቲ መሰል ንምጥቃም ተብተብ ምባል ግና ረኣዩለይ ስምዑለይ ፖለቲካ ሰብ'የ ንምባል እምበር ንነዊሕ መሪር ቃልሲ ተዳሊኻ ብፅንዓት ምእታው ኮይኑ ስለዘይረኣየና ናብዚ ትሸኩል እንተኾይንካ ናይ ትዕዝብቲ እዋን ሓገዝናን ርክብናን ኩሉ ንስሕብ መሰልካ ብዘይ ናትና ሓገዝ ትጥቀም ።

እዚ ውሳነ ፖለቲካዊ መስመረይ ኣብዚ ናይ ፅንዓት እዋን ንህዝቢ ከምህርን ክዝርግሕን ከምዘይብለይ ይገልጽ ኣሎ ። ተመሳሳሊ ውሳኔ ቅድሚ እዚኣ ኣብ ዝተጽሓፈት ደብዳበ ብ25/6/79 ኣብ ቁፅሪ 4 ተገሊፁለይ እዩ ። ተመልከቱ ማሌሊት መስመረይ ፀኒዕካ ትሕዝ ምኺንካ ከፅንዕ እየ ትብል ብኻልእ ወገን ድማ መስመርካ ንህዝቢ ክትዝርግሕ የብልካን ትብል ። ሓደሰብ መስመሩ ይሕዝዶ ኣይሕዝን ንምፅናዕ እንተኾይኑ መስመሩ ንህዝቢ ዘርጊሑ የምህረሉ ድዩ ዝብል እዩ ክፅናዕን ክረአን ዘለዎ ። ማሌሊት ግን ነዚ ዕድል ከይፈቐደት እያ ክተፅንዕ ትደሊ ። ማሌሊት መቸም ኩሉ ነገራ ፍሉይ እንዲዩ ንሕና ዘይንፈልጦ ካልእ ናይ ኣፀናንዓ ኣገባብ ይህልዎ ይኸውን ! !

ኣብዛ ተጠቂሳ ዘላ ደብዳበ ኣብ ቁ 1 ናይ ምፅሓፍ ፥ ምዝራብ ፥ ምውዳብ መሰለይ ዝተሓለወ ምኺኑ ትገልፅ እያ ። ውርድ ኢላ ኣብ ቁፅሪ 2 ግን እንድሕር ዳኣ መሰልካ ተጠቒምካ ንህዝቢ ክትእክብን መፅሔት ክትዝርግሕን ኮይንካ ግን ንገብረልካ ምትሕግጋዝ ክንስሕብ ኢና ይብል ። እተን ክግበራለይ ዝተብሃላ ዓበይቲ ሓገዝ ምግብን መፅለልን ክወሃበኒ፣ ካብ ቤት መፃሕፍቲ ድማ ፖለቲካዊ ፅሑፋት ክልቃሕ ክፍቀደለይ እዩ ። ማሌሊት ክተፋንወኒ ከላ ምንም ዓይነት ንብረት ከምዘይብለይ ትፈልጥ እያ ብዘይ ምግብን መፅለልን ኣብ ሜዳ ክፀንሕ ከምዘይክእል ትፈልጥ እያ ። ፖለቲካዊ መሰለይ ብማተርያላዊ ፅዕንቶ ክደራደረሉ ኩነት ተቐምጠለይ ከምዘላ ብሩህ እዩ ። ብተወሳኺ ምግበይ ኪኢለ ክንቀሳቐስ እንተዝፍትን'ውን ናይ ፀጥታ ኩነታት ክፅግመኒ ከምዝኽእል ርዱእ እዩ ። እቲ ዝወሃበኒ ኣብ ትሕቲ ውድብ ህወሓት ስለዘሎ ኩሉ ዓይነት ምትዕንቓፋት ክትፈጥረለይ እያ። ተገንዘቡለይ ማሌሊት ትፈቕዶ መሰል እዚ ኩነት ኣቐሚጣ እያ !

ማሌሊት ከም ቁም እሱር ጌራ ክተቐምጠኒ ደልያ ከምዘላ ዘካትዕ ኣይኮነን ። በዚ ምኽንያት'ውን ኣይደልን ናብ ወፃኢ ወይ ናብ ኢህዴን ኣሕልፉኒ ኢለ ሓቲተ ። ከምዚ ምስ በልኩ እንድሕር ብልቢ ክትቃለስ ደሊኻ ናይ ፅንዓት እዋን ንብሎ ዘለና 2 ተ ወርሒ ስለዝኾነ ንምንታይ ዘይትፅመም ዝብል ሓሳብ ብወገን ማሌሊት ቀሪቡ ። ብወገነይ'ውን እቲ ናይ ፅንዓት እዋን ዝበሃል ዘሎ 2 ተ ወርሒ ጥራሕ እንተኾይኑ ፅሑፋተይ ከጠቓልልን ምስ ካላኦት ውድባት ርክብ ክጅምርን ክንድኡ ጊዜ ከድልየኒ ስለዝኾነ ፥ ቅድሚኡውን ናብ ህዝቢ ክዝርግሖ ዝኽእል ነገር ስለዘይህሉ ካልእ መሰለይ ዝተሓለወ ኮይኑ ንህዝቢ እስካዕ  2ተ ወርሒ ምዝራብን ፅሑፍ ምብታንን ከፅንሖ ከምዝኽእልን ፥ ንወፃኢ ዝሰደድ ፅሑፋት ክፍተሽ ተቐቢለ ተረዳዲእና እዚ ውዕል መጀመርያ ወርሒ ሚያዝያ /79 ዓ.ም ጀሚሩ ኣብ መጀመርያ ሰነ/79 ዓ.ም ይውዳእ ማለት'ዩ ።

ካልእ ካብቶም ማሌሊት ዘቐመጠቶም ኩነት ሓደ ናይ ውድብ ፖለቲካዊ ፅሑፋት ዋላ እቲ ንካድረ ዝዝርጋሕ ኣይንህበካን ዝብል'ዩ ። እቲ ዝፍቀደለይ ፅሑፍ እቲ ንህዝቢ ዝዝርጋሕ ዘሎ ፅሑፋት ጥራሕ እዩ ነይሩ ። ንምንታይ ማሌሊት/ህወሓት ፖለቲካዊ ፅሑፍ ክትሓብእ ደልያ ? እዚ ቡሩህ እዩ ማሌሊት ኣብ ቀዳማይ ጉባኤኣ ታሪኽ ኣታሚማ ነቲ ተጋዳላይ ብሓሶት ኣደናጊራ ዝወሰደቶም መርገፂታት ኣለዉ። እዚ ከይቃላዕ ናይ ቀደም ፅሑፋት ምሕባእ ግድነት'ዩ ኣብዚውን ናይ ዓወት ወይ ሞት ቃልሲ ክተካይደሉ እያ ። እግረ መገደይ ግን ንቕኑዕ ቃልሲ ዝተሰለፈ ኩሉ ኣብ ኢዱ ዘሎ ይኹን ኣብ ከባቢኣኡ ዝርከብ ቅድሚ 77 ዓ.ም ዝተፅሓፉ ፅሑፋት ማሌሊት ዓቂቡ ከፅንዖምን ንኽፅንዑ ክገብርን ከተሓሳስብ እደሊ ። ካብ ዝተጣመመ ታሪኽ ዝተወሰደ ገምጋማት ማሌሊት ንቕድሚት ከቕርቦም እየ ።

ድሕሪ ክልተ ወርሕኸ ከመይ ኮይኑ ?

ኣብ መነባብሮይ ዝነበረ ሕማቕ ኣተሓሕዛ ከም ካልእዋይ ገዲፍና እቲ ዝተወሰደ ፖለቲካዊ ስጉምትታት ክንርኢ ።
ድሕሪ 2ተ ወርሒ ፖ/ቢሮ ማሌሊትን /ህወሓትን ኣኼባ ጌሩ ዝተወዓዓልናዮ ናይ ክልተ ወርሒ ናይ ፅንዓት ጊዜ ሓፂር ስለዝነበረ እቲ ንደልዮ ክነፅንዕ ኣይከኣልናን ፥ ስለዚ ናይ ፅንዓት ጊዜና ንዘይተወሰነ እዋን ክንቅፅሎ ንደሊ ኢና ፥ በቲ ኣቕሚጥናልካ ኩነት ክትቅፅል እንተደሊኻ ቀፅል ዝብል ውሳነ የሕልፍ ። እዚ ኣይተቐበልኩዎን ናብ ወፃኢ ወይድማ ናብ ኢህዴን ከሕልፉኒ ድማ ሓቲተዮም ። ቀደምውን ማሌሊት ብቕንዕና ተፅንዖ ነገር ኣይነበራን ፥ የብላን ። ኣብቲ ክልተ ወርሒ ግን ቅድሚ ኣነ ናብ ወፃኢ ምውፀአይ እቲ ናይ ፓነልና ቪዲዮ ንህዝቢ ብምዝርጋህ ኣንፃረይ መፀለምታታት

ብምክያድ ተቐባልነት ንኽይረክብን "ዴሞክራሲያዊነታ" ንምግላፅን ምንቅስቓሳት ተካይድ ነይራ ። ክልተ ወርሒ ክፀንሕ ዝተገበረሉ ዕላማውን ነዚ ኢዩ ነይሩ ። ኣብ ሜዳ ግን ኢቲ ሓፋሽ ተጋዳላይ ነቲ ቪዲዮ ኣይረኣዮን ነይሩ ። ብዛዕባ'ዚ ክይዲውን ዝፈልጠ ነገር የለን ።

ናብ ወፃኢ ወይ ናብ ኢህዴን ኣሕልፉኒ ኢለ ክሓትት ከለኹ ሕጊ ተመርኲዘ መሰለይ ኮይኑ ክሰዱኒ እዮም ካብ ዝብል እምነት ኣይኮነን ። እታ ናይ መጨረሻ መማረፂት ተሪፉትኒ ዘላ ግን ንሳ ስለዝኾነት ሓቲተ ። ፖ/ቢሮ ማሌሊት/ህወሓት ንግደይ ኣሲርካ ምፅናሕ ወይስ ሰዲድካ ዝመፅእ ኪሳራ ምቕባል ዝበለፀ የኽስበና ካብ ዝብል ኣረኣእያ ሓዲኡ ክውስን እዩ ። ዕድለይ ኣብ ኢድ ዝተወሰኑ ውልቀሰባት ወዲቓ ኣላ ፥ መሰለይ ከኽበር ዝኽእል ሕጊ ወይ ኣሰራርሓ ግን የለን ። ንዓይ ዝሕግዘኒ ሓደ ነገር እንተሃለወ እቲ ኣፈላላይና ኣብ ህዝቢ ዝተሰምዐ ስለዝኾነ ካብ ህዝብን ዝተፈለለያ ውድባትን እቲ ኣፈላላይ ብዴሞክራሲያዊ መገዲ ክፍታሕ ከምዘለዎ ፅዕንቶታት ምንባሩ ጥራሕ እዩ ። ነዛ ነጥቢ ብዴሞክራሲያዊ መገዲ ዘይምእላይ ማሌሊት /ህወሓት "ዴሞክራሲያዊነታ" ክተእምን ትገብሮ ዝነበረት ፃዕሪ ክፈርስ ምግባር እዩ ክኸውን ። ስለዝኾነ ድማ ንግደይ ሰዲድና ብካሊእ ኣገባብ ንቃልስ ዝብል ውሳነ መሪፆም ። ናይ ማሌሊት ናይ ቃልሲ ኣገባብ ገሊኡ ከምቲ ጀሚራቶ ዘላ መፀለምታታት እዩ ። እቲ ኣገባብ ናይ ቃልሲ ፖለቲካዊ ከም ዘይኸውን ይሕብረና ኣሎ ። ምናልባት ሰዲድካ ብዝተራቐቐ መገዲ ምቕንፃል እቲ ዝበለፀ መኽሰብ ዘለዎ ክኸውን ይኽእል ። ነጋዲት ማሌሊት ነዚ ሓሳብ ኣውሪዳ ኣደይባ እትሪኦ ም኿ና ምግንዛብ ኣገዳሲ እዩ ። ንማሌሊት እቲ ንግዲ እምበር እቲ ዴሞክራሲያዊ ኣሰራርሓ ኣይንታያን ። መራሕቲ ማሌሊት ኣብ ሜዳ ኮይነ ቃልሰይ ክቕፅል እውን ኣይደልዩን ። ነዚውን ክልተ ዓበይቲ ምኽንያታት ኣለውዎ ። ሓደ እቲ ኣብ ፓነል ኣደናጊሮም ንተጋደልቲ ከትሕዝዎ ፈትኖም ዘለው መስመር ጉዶም እንዳቃላዕኹ ኣብ ተጋዳላይን ህዝብን ተቐባልነት ክረክብ ም኿ነይ ስለዝፈልጡ መሰረቶም ከይናጋዕ ግድነት ናዓይ ኣብ ሜዳ ክንቀሳቐስ ኣይፈቕዱለይን  ። ካልኣይ እቲ ተጋዳላይ ናይ መስመር ኣፈላላይ ሒዝካ ክትቃለሰሉ ትኽእል ካልእ ኣገባብ ምህላዉ ኣይፈልጥን ። ዝተፈለየ ሓሳብ እንተሒዙ ካብ ውድብ ዝንፀልን ዝባረርን ዝእሰርን፣ ናይ ምቅላስ ዕድሉ ዝዕፆን ምኳኑ ስለዝርዳእ ሓሰቡ ከይገልፅ ፈሪሑ ነዚ ዘሎ መሪሕነት ኣሜን ኢሉ ክግዛእ ይግደድ ኣሎ ። ግደይ ዝተፈለየ መስመር ሒዙ ኣብ ሜዳ ትግራይ ብካልእ ኣገባብ ዝቃለሰሉ ዕድል ምህላው ነቲ ተጋዳላይ ከርኢ ምግባር ብመራሕቲ ማሌሊት ሕማቕ ኣብነት እዩ ። እቲ ተጋዳላይ ፈሪሑ ክጥመር ዝተገበረ'ምበር ብዴሞክራሲያዊ ኣሰራርሓን እምነትን ዝተጠመረ ዘይምኳኑ መራሕቲ ማሌሊት ኣፀቢቖም ይርድኡ እዮም ። መራሕቲ ማሌሊት ንኽነብሩ ዓንዲ ኮይኑዎም ዘሎ ሰረት ዝሽርሽር ኣሰራርሓ ዓይኖም ዓሚቶም ዝቕበልዎ ኣይኮነን ።

ክወፅእ ከለኹ ከቢድ ፍተሻ ተኻይዱ ኩሉ ፅሑፋተይ እንዳተነበበ ተፈትሹ ። ከምቲ ዝረእኹሞ ብ4/8/79 ዓ.ም ከም ነፃ ዜጋ ናይ ምፅሓፍ ፥ ምውዳብ ፥ ምዝራብ ወዘተ. መሰለይ ምኳኑ ማሌሊት ብደብዳቤኣ ኣረጋጊፃትለይ ነይራ እያ ። ብግብሪ ግን ከምኡ ኣይኮነትን ፥ ዘቃልዕዋ ፅሑፋት ብሙሉኦም ኣሕዲጋትኒ ። ኣባላት ፖ/ቢሮ ምሳይ ዝፀሓሓፍዎ ዝነበሩ ደብዳቤታት ኣብ ዝተፈላለየ ሕቶታት ዝነበሮም ዘንባዕ ኣረኣእያታት ብዝኸፍአ መልክዑ ከርእዩና ዝኽእሉ እዮም ነይሮም ኣሕዲጋትኒ ።

"ስሙር ግንባር" ብዝብል 171 ገፅ ናይ ደፍተር ዝፀሓፍኩዎ ፅሑፍ ኣሕዲጋትኒ ። ንኽትርፍዎ ምኽንያት ዝሃቡኒ "ንሕና ዘይፈቐድናልካ ፅሑፋት ናይ ውድብ ኣብኡ ጠቒስካ ስለዘለኻ እዩ ፥ እንዲያውም እዚ ብፀጥታዊ ዓይኒ ክንሪኦ ኢና ካብ ሕጊ ወፃኢ እዩ" ዝብል እዩ ነይሩ ። ቀደሙውን እዚ ኩሉ ናይ ፍተሻ ዕግርግር ፖለቲካዊ መስመሮምን ሓስቶምን ዘቃልዕ ፅሑፍ ስለዝነብረ ንክትርፍዎ ሰንካል ምኽንያት እዩ ነይሩ ።
ተገንዘቡለይ ኣብ ትግራይ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ክተገብር እንተኾይንካ ሕቡእ ፅሑፋት ናይ ማሌሊት/ህወሓት ክተቃልዕ የብልካን ። እንተገይርካ ግን ብፀጥታዊ ዓይኒ ተራእዩ "ሕጋዊ" /ናይ ማሌሊት ሕጊ ማለት'ዩ/ ስጉምቲ ክውሰደካ እዩ ። ፅሑፍካ'ውን ክትሕደግ ኢኻ ማለት'ዩ ። ሀ ሁ ናይ ዴሞክራሲ ዝፈልጥ ኩሉ ማሌሊት ክሳብ ክንደይ ፀረ ዴሞክራሲ ምኳና ካብዚ ንምርዳእ ዘፀግም ኣይኮነን ። ፖለቲካዊ ቃልሲ ምክያድ ማለት ብሕቡእ ዝተወሰዱ ፖለቲካዊ ይኹን ካልኦት ምስጢራት ንህዝብን ዓድን ጎዳኢ ምኳኑ ምቅላዕ እውን ዝሓውስ ምኳኑ ማሌሊት ዘንጊዓቶ ኣላ ። እዚ ዘኽስስ

እንተኾይኑ ብቐዳምነት እትኽሰስ ማሌሊት ክትከውን እያ ። ንኣብነት ንኢህአፓ ንምቅላዕ ካብ ውሽጣዊ ፅሑፋት ናይ ኢህአፓ እንዳጠቐሰት ዝፀሓፈቶም ብዙሓት እዮም ። እዞም ውሽጣዊ ፅሑፋት ግን ኢህአፓ ፈቒዳትላ ዝረኸበቶም ኣይኮኑን ። ብማሌሊታዊ ኣዘራርባ ማሌሊት ሕጊ ጥሒሳ ኣላ ማለት'ዩ ። ናይ መን ሕጊ ፥ እንታይ ዓይነት ሕጊ እያ ማሌሊት ትዛረበሉ ዘላ ? ማሌሊት ድንግርግር ሕንክርክር ኢልዋ ከምዘሎ ዘካትዕ ኣይኮነን ።

ድሕሪ ፍተሻ ምስዝኾነ ስብ ከይራኸብ ተገይሩ ብዋርዲያ እንዳተሓለኹ ኣብ ገዳሪፍ ኣትየ ። ኣብ ገዳሪፍውን እንደገና ተፈትሸ ። እዚ ኩሉ ዝሕብረና ነገር እንተሃለወ ማሌሊት ዘይዴሞክራሲያዊት ካብ ምዃና ንላዕሊ ቅድሚ ሕዚ ዝወሰደቶም ፖለቲካዊ መርገፂታትውን ሽፊጥ ከምዘለዎ ከይትቃላዕ ትፈርሕ ምዃና እዩ ። እምበር ማሌሊት ኣብ ካድረ ቤት ትምህርቲ ትሮትስኪ ካብ ሩስያ ክባረር ከሎ ኩሉ ዶኩመንቲ ከይተፈተሸ ባቡር ሙሉእ ሒዙ ክኸይድ ስታሊን ፈቒዱሉ ኢዩ እንዳበለት ትልፍሊፉ ጊዜ ምንባሩ ትርስዖ ኣይመስለንን ። ድሕሪ ሕዚኳ ስታሊን ከምኡ ምግባሩ ጌጋ ነይሩ ተባሂሉ እዩ ንካድሬታት ማሌሊት ክወሃቦም ዘለዎ ። ኣይኮነን ዲዩ ማሌሊት ?

ክሳብ ሕዚ ማሌሊት ኣብ ዴሞክራሲያዊ መሰላት ዘለዋ ኣረኣእያን ኣሰራርሓን ምስ ናተይ ዝነበረ ኩነታት እንዳተሓሓዝና ኢና ክንርኢ ፀኒሕና ። እዚ እንወስዶ ገምጋማት ብዝበለፀ ክነብስሎ ብናይ ማሌሊት ኣረኣእያን መመዘኒታትን እውን ደጊምና ምርኣዩ ፅቡቕ ክኸውን'ዩ ። ዴሞክራሲያዊ መሰላት ብዝምልከት ማሌሊት/ህወሓት እንታይ ከም ትብል ቀፂልና ክንርኢ ኢና ።

ቀዳማይ ኣብ ናይ ማሌሊት ንኡስ ፕሮግራም ሓምለ 1977 ዝተፀሓፈ ንመልከት ።

"2.ሀ . ናይቲ ህዝቢ ናይ ምዝራብ ፥ ምፅሓፍ ፥ ሥራሕ ጠጠው ምባል ፥ ምውዳብ ፥ ሰላማዊ ሰልፊ ምግባር ወዘተ. ዴሞክራሲያዊ መሰላት ሙሉእ ብሙሉእ ዝተሓለወ ይኸውን ።" ይብል ።

ካልኣይ ህወሓት ቃልሲ ኤርትራ ኣብ ዝገምገመትሉ ፅሑፍ ሜዳ ኤርትራ ብውድዓውነቱ ዝተፈላለዩ ውድባት ክፈጥር ግድነት ምዃኑ ስለዝኾነ ድማ ንኹለን ሃገራዊ ውድባት ክሓቁፍ ዝኽእል ስሙር ግንባር ተፈጢሩ ኣፈላላያቶም ብብቕዓትን ብብስለትን ብዴሞክራሲያዊ መገዲ ክፍታሕ ከምዘለዎ ኩሎም ሃገራውያን ውድባት ድማ ነፃ ህልውናኦም ተሓሊዩሎም ኣብ ሜዳ ኤርትራ ክንቀሳቐሱ መሰሎም ምዃኑ ህ.ግ. ኣብ ትሕቲ ሓደ ሠራዊት ይኹኑ ትብሎ ግጉይ ምዃኑ ወዘተ. ወዘተ. ብገፊሑ ይገልፅ'ዩ። ካብቲ ዝሰበኽ ገሊኡ ጠቒስና እንተራኣናዮ ፅቡቕ ከይኮነ ኣይተርፍን ።

"በዚ መሠረት'ዚ ንኣብነት ሓደ ብቑዕ ፖለቲካዊ ኣመራርሓ ዝህብን ኩሎም ኣፈላላያት ብዴሞክራሲያዊ መገዲ ክኣሊ ዝኽእልን ውድብ እንተዝህሉ በዚ ዝስዕብ ኣገባብ እቲ ወሳኒ ዝኾነ ሥምረት ህዝቢ ኤርትራ ክረጋገፅ ምኽኣለ ንብል ።

"ብቐዳምነት ሥምረት ህዝቢ ኤርትራ ዘዕንቅፉ ውድባዊ ፥ ብሔረሰባዊ ፥ ሃይማኖታዊን ኣፈላላያት ከምዘለዎ ይግንዘብ ። ኣብ ክሊ'ዚ ግድን ምህላዉ ዘይተርፍ ኣብ ክዕረቕ ዘይኽእል ደርባዊ ኣፈላላያት ዝተደረኸ ህልውና ናይ እንተወሓደ ክልተ ውድባት ከምዝህሉ ይርዳእ ።" ገፅ 145_6.

ትሕት ኢላ ድማ ህወሓት ኣብ ኤርትራ ዝህሉ ብቑዕ ውድብ ክገብሮ ኣለዎ ትብሎ ዝስዕብ ትሕብር ፥፥

".......እቶም ኣብ ሞንጎ'ቲ ህዝቢ ዘለዉ ኣፈላላያት ውድዓዊ ኣፈላላያት ምዃኖም ተቐቢሉ ክሽፈፍኖም ወይ ከምዘየለዉ ቆፂሩ ዓይኑ ክሸፍን ኣይፍትንን ፥ ህልዊ ግን ካልኣዊ ምዃኖም ተረዲኡ ነቲ ህዝብውን እንታይነቶምን ኣገባብ ኣታኣላልያኦምን ብሰፊሕ የምህር ። ኣብ ተግባር'ውን ብዴሞክራሲያዊ መገዲ ብሰፊሕ ተሳትፎ ናይቲ ህዝብን እናፈትሐ ካልኣዊን ብዴሞክራሲ መገዲ ክፍትሑ ዝኽእሉን ምዃኖም የርድእ ። "ገፅ 147. ትሕት ኢላ ህወሓት ዝስዕብ ትውስኽ ፥

"ህወሓት ሃገራውያን ሓይልታት ኣብ ኤርትራ ብነፃ ክንቀሳቐሱን ብሱል ፖለቲካዊ ቃልስታት ተኻይዱ ሓቀኛ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ክረጋገጽን ኢሉ ይኣምን ። ብሽም ሓድነት ነቲ ኣፈላላያት ብዴሞክራሲያዊ ኣገባብ ንምእላይ ዘየኽእል መንገድታት ኹሉ እቲ ዝድለ ሓቀኛ ሓድነት ዘይፈጥርን ጉጉይን እዩ ይብል ። . . . . "ገፅ 150_1.

ግሩም እዩ ብውፅ ወቅዱስ ህወሓት ዝፀውይዎ ዘለው እንታይ ይወዖ ? ኣብ ኤርትራ ዝተፈላለየ ውድባት ክህልዋ ዝገብር ወድዓዊ ኩነታት ከምዘሎ ፥ ካብዚ ተበጊሱ ሓደ ቅኑዕ ውድብ እቲ ኣፈላላያት ብዴሞክራሲያዊ መገዲ ክፈትሕን ነፃ ምንቅስቓስ ናይ ካልኦት ሃገራዊ ሓይልታት ክህሉ ክኣምን ከምዘለዎን ይገልፅ ኣሎ ። ሕሉፍ ሓሊፉስ ትሕት ኢሉ'ውን ዋላ ዘይ ሃገራዊ ውድብ እንተዝንቀሳቐስውን ባዕሉ ኩናት እንተዘይጊሒሩ እቲ ቅኑዕ ውድብ ብዴሞክራሲያዊ መንገዲ ጥራሕ ካብ ህዝቢ ክንፅሎ ከምዘለዎ ይሕብር ።

እዚታት ኣብ ኢደይ ካብ ዝረኸብኩዎም ናይ ማሌሊት/ህወሓት ፅሑፋት ንኣብነት ንምጥቃስ እምበር ኣብ ብዙሓት ፅሑፋት ብፍላይ ኣብ ስሙር ግንባር ክህሉ ዝግበኦ ናይ ቃልስን ሓድነትን ጉዕዞ ብዝምልከት ኣብ ምግላፅ ተመሳሳሊ ዘረባታት ኣለው እዮም ። "ኣፉ ጫለ ግብሪ ዘየለ" ዝበሃል ከምዚ ዝበለ ከጋጥም ከሎ እዩ ። ብውፅ ማሌሊት/ህወሓት ፀፍ ጭልጥ ኢላ ክትልፍፍ ፀኒሓ እቲ ሕቶ ኣብ ዓርሳ ክበፅሕ ከሎ ግን ከምቲ ዝረኣናዮ እዩ ። ኣፈላላያት ብዴሞክራሲያውን ብሰፊሕ ተሳትፎን ክፍታሕ ኣለዎ ኢልካ እንዳሰበኽካ ፀኒሕካ ኣብ ማሌሊት ክመፅእ ከሎ ግን ጉባኤ ዝነፀጎ መድረኽ ኣይንፈቕደልካን ፥ ህዝቢ ኣኪብካ ክተምህርን ፅሑፍ ክትዝርግሕን ኣይንፈቕድን ይኽውን ። ውድባት /ሓይልታት ነፃ ምንቅስቓስ ክህልወን ይግባእ ኢልካ ክትሰብኽ ፀኒሕኻ ኣብ ማሌሊት ክመፅእ ከሎ ግን ምስ ካልኦት ውድባት ትገብሮ ርክብ ክፍትሽ ኣለዎ ንሕና ዘይፈቐድናዮ ፅሑፍ ምዝርጋሕ ወይ ምውሳድ ብፀጥታዊ ዓይኒ ርኢና ስጉምቲ ክንወስድ ኢና ዝብል ይኸውን ። ዴሞክራሲያዊ መሰላት ናይ ምዝራብ ፥ ምውዳብ ፥ ወዘተ. እንዳሰበኽካ ፀኒሕካ ኣብ ማሌሊት ክመፅእ ከሎ ምስ ሰብ ከይትዛረብ ከይትውደብ ብዋርዲያ ተሓሊኻ ትባረር ። ወዘተ. ወዘተ.

ህወሓት/ማሌሊት ከምቲ ክንርኦ ዝፀናሕና ኣብ ዴሞክራሲያዊ ኣሠራርሓታት ዓበይቲ ድኽመታት ከምዘለዎ እዩ ። እዚ እንዳረኣና ክንመፅእ ከለና ግን ኣብ ናይ መብዛሕትና ሒሊና ዝመላለሱ ሕቶታት ክህልውና እዮም ። እዚ ኩሉ ክግበር ከሎ እቲ ሓፋሽ ተጋዳላይ ዘልዕሎም ሕቶታት ነይሮም'ዶ ? ተቓውሞኽ ነይሩ'ዶ ? ሕቶታትን ተቓውሞን እንተዘይነይሮም ንምንታይ ከምኡ ክኸውን ክኢሉ ? ዝብሉ ሕቶታት ክነልዕል ግድነት እዩ ።

ዝገርም ነገር እንተሃለወ እቲ ተጋዳላይ ዘልዓሎም ሕቶታት/ተቓውሞታት ዘይምህላዎም እዩ ። እቲ ቪዲዮ ንህዝቢ ተዘርጊሑ ኣብ ዝረኣየሉ ጊዜ ካብቲ ሓፋሽ መሰረታዊ ሕቶታት ተላዒሎም እዮም ። ከም ኣብነት ንምጥቃስ ፡ 1/ እዚ ኣፈላላያት ቅድሚ ሕዚ እኹል መድረኽ ተዋህቡዎ ናብ ሓፋሽ ተዘርጊሑ ክትዕ ተገይሩሉ ዲዩ ? 2/ ግደይ መስመር የብሉን ማለት እንታይ ማለት'ዩ ? 3/ ንግደይ ብስሙር ግንባር ክተጋድልዎ ዘይትኽእልሉ ምኽንያት እንታይ እዩ? ወዘተ... ከምዚ ዝበሉ ዴሞክራሲያዊ ኣሰራርሓታት ዝጥሕሱ ኣገባባት እንዳሃለው እቲ ኣብ ፖለቲካዊ ዓለም ኣሎ ፥ ካድረታት ኣለውዎ ዝበሃል ተጋዳላይ ከልዕሎም ዘይምኽኣሉ የገርመና ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብቲ ቃልሲውን ተስፋ ዘቑርፀና እዩ ። እቲ ተጋዳላይ እዞም ኣባይ ተወሲደም ዘለው ስጉምትታትውን ብሙሉእነት ከምቲ ኣብ ወፃኢ ዘሎ ሓፋሽ ኢንፎርሚሽን የብሉን ። ምኽንያቱ ከምቲ ኣብ ወፃኢ ዘሎ ህዝቢ ብዛዕባ'ዚ መሰረታዊ ሕቶታት ደፊኡ ስለዘይልዓለ ፥ እቲ ማ/ኮሚቴ እንተኾነ ከም ኣገዳሲ ፖለቲካዊ ሕቶታት ኣልዒሉ መግለፅታት ምሃብ ጉዳዩ ኣይኮነን ኣይገብሮን'ውን ነይሩ ። ንምንታይ እዩ እቲ ተጋዳላይ ውድብ ከምዚ ኮይኑ ? ነዚ ዝምልከት ኣብዚ ቀፃሊ ዘሎ ርእሲ ክምልሶ ክፍትን እየ ።

## ናይ መስመር ቃልሲ ባህሊ ኣብ ህወሓት

ተጋዳላይ ህወሓት/ማሌሊት ተፈትፊቱ ዝተውሃቦ ጥራሕ ዊሒጡ ክኸይድ ዝኾነሉ ምኽንያት ንምርዳእ ኣብቲ ውድብ ዝነበረ ናይ መስመር ቃልሲ ኣገባብ ምርኣይ ከድሊ እዩ ። እዚ ሕዚ ዝረአ ዘሎ ዝንባለ ናይ ተጋዳላይ ፣ ማሌሊት ምስ ተፈጠረት ዝመፀ ዘይኮነስ ቅድሚኡውን ንውሕ ዝበለ ዕድመ ዝነበሮ ከይዲ እዩ ። ማሌሊት ትንቀፈሉ ነገር እንተሃለወ እቲ ድኽመት ኣብ ክንዲ ምእራም እንዳገደደ ክኸይድ ትገብር ምህላዋ እዩ ። ስለዚ ቅድሚ ምስረታ ማሌሊት ንዝነበረ ኩነታት ክግምግም ከሎኹ ንባዕለይ'ውን ኣብቲ ድኽመት ዓብይ ተራ ዝነበረኒ ምዃኑ ቅቡል ገይረ እየ ።

ክሳብ 69 ዓ.ም ሕንፍሽፍሽ ክሳብ ዝጅምር ኣብ ህወሓት/ ሸው ተሓህት/ ዝነበረ ናይ ክትዕ መንፈስን ኣገባብን ነፃ ነይሩ ። ዋላ ክሳብ ኣድማ ዝኸይድ ምልዕዓላት ዝረኣየሉ ኩነታት ነይሩ ። መለስ ባዕሉ ዘለዓዕሎም ዝነበረ ብውሑድ ሓደ ክልተ ኣድማታት ምንባሮም ዝርስዖም ኣይመስለንን ። እዚ እቲ ሸው ዝነበረ ዴሞክራሲያዊ መንፈስ ክሳብ ክንደይ ነፃ ከምዝነበረ ንምርኣይ ዝኣክል ዘቕርቦ ዘሎኹ እዩ ። ብድሕሪ ሕንፍሽፍሽ ናይ 69 ዓ.ም ግን እቲ ኩነታት ኣፀቢቑ ተለዊጡ ።

ናይ 1969 ዓ.ም ሕንፍሽፍሽ ድሑር ዝንባሌታትን ስምዒታትን ተጠቒሙ ኣንፃር መራሕቲ ጠጠው ዝበለ ናይ ተበለፅቲ ምንቅስቓስ ምንባሩ ነዚ ብሕንፍሽፍሽ ዝተላዓሉ ኣረኣእያታት እቲ ሓፋሽ ብገፊሑ ተመያይጡ ባዕሉ መምዩ ክነፅጎም ዝተገበረ ከይድን ኣፈታትሓን ዴሞክራሲያዊ ምንባሩን ብወገነይ ቅቡል እዩ ። ናይዚ ከይዲ ውፅኢት ግን ካልእ ጉጉይ ዝንባሌታት ክፍጠሩ ጌሩ ። ንሶም'ውን ፦

1/ እቲ ተጋዳላይ ዕሙት ዝኾነ እምነት ኣብ መራሕቲ ከሕድር ጌሩ ።

2/ ዝኾነ ተጋዳላይ ኣንፃር ውሳነታት ናይ መሪሕነት ወይ ድማ ንመራሕቲ ዝፃረር እንተኾይኑ ከም ሓንፋሽን ተበላፅን ዝረኣየሉ ኩነታት ተፈጢሩ ። እዚ ኩነታት ታጋዳላይ ከም ቀደሙ ነፃ ኮይኑ ሓሳቡ ክገልፀሉ ዝኽእል ዕድል ኣፅቢቡሉ ። ሓደ ነገር ክትገልፅ እንተኾይንካ ሓንፋሺ እዩ የብለኒዶ ፣ ተበላፂ'ዩ የብለኒዶ ዝብሉ ነገራት ድሕሪ ምምላስካ ኢኻ ሓሳብካ ትገልፅ ። ከምዚ ኩነታት ከምዝነበረ ብእዋኑ ዝተፈለጠ'ኳ እንተነበረ ንምእራሙ ዝተገብረ ፃዕሪ ብጣዕሚ ትሑት ነይሩ ። ብኣንፃሩ ግን ነዚ ድኽመት ከጠናኽሩ ዝኽእሉ ውድዓዊ ኩነታትን ኣሰራርሓታትን ነይሮም ።

እቶም ነዚ ድኽመት ክዓብን ክቕፅልን ተራ ዝነበሮም ውድዓዊ ኩነታት ፣ ናይቲ ብሱልን ንቑሕን ኣባል ብበዝሒ መስዋእቲ ምንባሩን ብኣንፃሩ ናብቲ ውድብ ዝኣቱ ዝነበረ ገባር ምዃንን ነይሮም ። እዚ ነቲ ኣብ ህወሓት ዝነበረ ናይ መስመር ቃልሲ ባህሊ ኣብ ምድኻም ኣስተዋፅኦ እንተሃለዎኺ እቲ ወሳኒ ምኽንያት ናይዚ ድኽመት ግን ኣሰራርሓና እዩ ነይሩ ። ነዚ ድኽመት ዘጠናኽሩ ዝነበሩ ኣሰራርሓታትና ብወገነይ እዞም ዝሰዕቡ እዮም ፦

1/ ዝውሰዱ ውሳነታትን ቁዋማትን ናይቲ ውድብ ብውሑዳት ኣባላት ማ.ኮሚቴ ዝተወሰነ ኮይኑ እቲ ውሳነ ንክትግበር እዩ ናብ ተጋዳላይ ዝወርድ ነይሩ ። እቶም ውሳነታት ናይ ሓሳባት ኣፈላላያት ከምዝነበሮምን ከምዘካትዑን ኣይፈልጥን ኣብቲ ክትዓትውን ንባዕሉ ዝሓውስሉ ኩነታት ኣይነበረን ። ኣብ ላዕሊ ተፈትፊቱ ዝቐረበ ጥራሕ ይቕበል ። ነዚ ካብ ላዕሊ ዝመፅእ ሓሳባት ዝቃወም ተጋዳላይ እንተሪኡ ድማ ከምሓደ ሓንፋሺ ተበላፂ ብፍላይ ሓድሽ እንተኾይኑ ድማ ከም ሰላሊ ዝጥርጠረሉ ኩነታት ይፍጠር። ብተደጋጋሚ ተቓውሞታት ዘቕርብ እንተኾይኑ ድማ ፀብፃቡ ናብ ማ/ኮሚቴ በፂሑ ክትትል ዝግበረሉ ፣ መዝነት ዘይረኽበሉ ኩነታት ይፍጠር ። እዚ ማ/ኮሚቴ ወይ መራሕቲ ዝወስድዎ ስጉምትታት እቲ ተጋዳላይ ይግንዘቦም እዩ ። ካብኡ ነቒሉውን ነቲ ሰብ ክንፅልዎ ዘረባኡ ከነኣስዎ ወይ ዘይሰምዕዎ እንዳኾነ ዝኸደሉ ኩነታት ብተደጋጋሚ ዝተረኣየ እዩ ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ኩነታት ዝወደቐ ሰብ ብጣዕሚ ጠንካራ እንተዘይኮይኑ ሞራሉ እንዳተተንከፈ ናይ ምቅላስ መንፈሱ እንዳተተንከፈ ከምዝኸይድ ብሩህ እዩ ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ኩነታት ምስ በፅሐ ከይስልም ኢልካ

ምእሳር ድማ ይመፅእ ። ክቃለስ እቲ ኩነታት ዘይስማምዖ ሰብ ብዕሊ ካብቲ ውድብ ተሰናቢቱ ክወፅእ መሰል የለን ። ናይዚ ከይዲ'ዚ ግዳይ /ቪክቲምስ/ ዝኾኑ ብዙሓት ከምዘለዉ ዘካትዕ ኣይኮነን ።

ምስ ከምዚኦም ኣብቲ ውድብ ቅሬታ ዘሕደሩ ሰባት ምርኻብውን የንቅፍ እዩ ። ምስ እገለ እውን ትራኸብ ኢኻ ተባሂሉ ኣብ ነቐፌታታት ዝቐርበሉ ኩነታት ዝውቱር እዩ ። ተራኺብካ ሕማቕ ነገር ሰሪሕኻ ተባሂሉ ዝቐርብ ጭቡጥ ክሴታ ዘይብሉ ምርኻብካ ጥራሕ ገበን ኮይኑ ትንቀፍ ። ስለዝኾነ እቲ ዝተፈለየ ኣረኣእያን ኣተሓሳስባን ዘምፅእ ሰብ በዚ ናይ ውድብ ኣሰራርሓን ባህልን ክንፀል ግድነት ይኸውን ።

እዚ ናይ ሓሳባት ኣፈላላይ ዘይምፃር ኣብቲ ውድብ ከምዘሎ ኣብ ጉባኤ ማሌሊትውን ተገምጊሙ እዩ ። እዚ ገምጋም ክቐርብ ከሎ ግን እቲ ማ/ኮሚቴ ፅቡቕ ናይ ኣፈላላያት ምክእኣል ከምዝነበሮ ገይሩ እዩ። ጉጉይ ገምጋም እዩ ። እዚ ኣፈላላያት ዘይምፃር ማ/ኮሚቴ ብዝኽተሎ ዝነበረ ኣሰራርሓውን ዝተጠናኸረ እዩ ነይሩ ። ነዚውን እዩ ማሌሊት ተመሥሪታ ሓንቲ ስድሪ ከይከደት ኣብ መጀመርያ ጊዜ ኅሊሁ ዝርአ ኣፈላላይ ኣተኣላልይኡ ሕንክርክር ኢሉዎ ዘሎ ።

2/ ድሕሪ 72 ዓ.ም ዝተኻየደ ፀረ-ሰለልቲ ወፈራ ፥ ኢዚ ወፈራ ኣብ ታዕሊም ይኹን ኣብ ህዝቢ ብገፊሑ ዝካየድ ዝነበረ ኮይኑ ንውድብ ዝፃረር ዝኾነ ሓሳብ ትሒም ከይትብል ዝገበረ ኣሰራርሓ እዩ ። ኣብ ክ/ታዕሊም ብግርህና ብዛዕባ ኣብ ከተማ ዝነበረ መነባብሮኡ ዘውግዕ ተዓላሚ ተዓለምቲ ገዝኦምን መነባብሮኦምን ክተዘኻኽር ክተሰልሞም ደሊኻ ኢኻ ፥ ብዛዕባ ናይ ደርጊ ሠራዊት ቀለቦም ፅቡቕ'ዩ ናትና ድማ ሕማቕ እንዲዩ ኢሉ ሓቂ ዝተዛረበ ናይ ደርጊ ፅቡቕነት ክትሰብኽ ደሊኻ ኢኻ ፥ ወዘተ. ወዘተ. ተደማሚሮም ኣብ መወዳእታ ኣብ ታዕሊም ተነቒፉ ጃሱስ ኢኻ ዝተብሃለን ክበሃል ዝረኣየን ተጋዳላይ ከመይ ገይሩ' እዩ ዝተፈለየ ሓሳብ ከቕርብ ዝኽእል ። ከምኡ ይትረፍ እሞ እታ ትድገፍ እያ ዝብላ ሓሳብውን ከቕርብ እንተኾይኑ ደጋጊሙ ኣውሪዱ ኣደይቡ ክሪኦ ግድንነት ይኸውን።

ኣብ ህዝብናውን ገፊሕ ናይ ምቅላዕ ዘመት ተኻይዱ ኢዩ ። በብወረድኡ ብዘይኮነ ነገር ተጠቂሙ ንውድብ ተፃሪርካ ተባሂሉ ወይ ጃሱስ ተባሂሉ ባማኢት በብወረድኡ ዝተኣሰረሉ ኩነታት ንዝክሮ ኢና ። ርግፅ መብዛሕቲኡ ዝተትሓዘ ገበን ስለዘይነበሮ ተፃሪዩ ወፂኡ እዩ ። ይኹን እምበር እቲ ዝነበረ ከይዲ ዘሰንበደ ህዝቢ ንውድብ ዝቃወም ነገር ብጭቕ ከይብል ጌርዎ እዩ። ሕዚውን ጉድለታት እንተኣጋጢምዎ ነቲ ኣብ ከባቢኡ ዘሎ ተጋዳላይ ነቒፉ ውድብና እንታይ ገይራትና ጌጋ የብላን ኢሉ እዩ ዝድምድም ። ንውድብ ኣፉ መሊኡ ክነቅፍ ኣይደፍርን ።

ከምዚኦም ዝበሉ ኣሰራርሓታት ኣቐሚጥካ ሓሳብካ ብነፃ ንምግላፅን ናይ ሓሳባት ኣፈላላይ ተፃዊርካ ክትጓዓዝን ምፅባይ ሕልሚ እዩ ክኸውን ።

3/ ድሕሪ ማሌሊት ምምፃእ ነቲ ብንእሽቲኡ ኣብ ክሊ ማ/ኮሚቴ ከምኡውን ንማ/ኮሚቴ ብጣዕሚ ቀረባ ዝኾኑ ተጋደልቲ ዝነበረት ነፃነት ናይ ክትዕ ጨሪሳ ከምትድምሰስ ዝገብር ኣሰራርሓ ወፂኡ ኣሎ ። በዚ ናይ ሐዚ ኣሰራርሓ ናይ ማሌሊት ዝኾነ ሰብ ካብቲ ብኣኸባ ዝፀደቐ ሓሳብ ዝተፈለየ ኣረኣእያ እንተሊዎ ካብቲ ኣኼባ ወፃኢ ሓሳቡ ዋላ ንሓደሰብውን ከካፍል የብሉን ይብል ። ብናይ ቅድሚ ሕዚ ዝነበረ ኣሰራርሓ ካብ ኣኼባ ወፅኻውን ብዛዕባ'ቲ ዝነበረ ኣኼባ ክትዕ ትቕፅል ክተዕሙቕ ወይ እንደገና ክትምርምሮ ትኽእል ነይርካ ፥ ነቲ ውሳነ ኣብ ምትግባር ግን ኩልኻ ትጥርነፍ ።

እዚ ሕዚ ማሌሊት ትኽተሎ ዘላ ኣሰራርሓ ናይ ፍልጠት ዲያሌክቲካዊ ኣተዓባቢያ ዘይኽተል ዘይማርክሳዊ ኣሰራርሓ እዩ ! ! ፍልጠት ብዕለታዊ ተሞክሮን ክልሰሓሳባዊ ፅንዓትን ክትዕን እንዳማዕበለ ዝኸይድ እምበር ኣብ ዝተወሰነ ናይ ኣኼባታት መድረኽ ትውልያን ተጥፍኦን ኣይኮነን ። ነቲ ብኣኼባ ዝተወሰነ ሓሳብ ዝቃወም ካልእ ሓሳብ ብፅንዓት ክምዕብል እንተኾይኑ ካልእ ሰብ ኣብዚ ሓዱሽ ሓሳብ ርኢቶ ክህበካ ፥ እቲ ሓሳብካ ኣብ ካልኦት እንታይ ስምዒት ክፈጥር ከምዝኽእል ክተፅንዕ ወይ ክትርዳእ ፥ ምስ ካልኦት ክትመያየጥ ክትካትዐሉ ግቡእ እዩ ። ከምዚ ዓይነት ዘይፈቅድ ኣሰራርሓ ፀረ ምዕባለን ፍልጠትን ምዃኑ ኣየጠራጥርን ። ሰለስተ ኣርባዕተ ሰብ ተኣኪቦም ዝኾነ ኣጀንዳ ሒዞም እንተተመያየጡን እንተተኻትዑን ከም ፀረ ጥርናፈን ጉጅላውነትን ዝርኢ ኣሰራርሓ ማሌሊት ነቲ

ቀደሙውን ድኹም ዝነበረ ባህሉ ናይ ምይይጥ ጨሪሱ ዝመውት ዝገብር ምኺኑ ግሁድ እዩ ። ብኽምዚ ዓይነት ናይ ጉጅለ ምይይጥ ብኣኽባታት ዝሓለፈ ውሳነታት ክጠሓስ/ክፈርስ እዩ ዝብል ስግኣት እንተልዩ እቲ ውሳነ ብብስለትን ብዴሞክራሲያዊ ኣገባብን ዘይሓለፈ ምኺኑ ኢዩ ክረድአና ዝኽእል ። ማሌሊት ትኽተሎ ዘላ ከይዲ ከምኡ ስለዝኾነ እውን እዩ ውሳነታት ኣብ ክንዲ ከእምነካ ብሕጋዊ ገደባት ክትሕልዎ ትፍትን ዘላ ።

ካብዚ እግረ መገድና ጠቂምናዮ ክንሓልፍ ዝግባእ ግን ማ/ኮሚቴ ማሌሊት ነቲ ብጉባኤ ዝፀደቐ መሰላትውን ዝጥሕስ ምኺኑ እዩ ። ብኣኽባ ንዝፀድቕ ውሳነ ማንም ሰብ ተፃራሪ ሓሳብ ናብ ምይይጥ ከቕርብ የብሉን ዝብል ውሳነ ናይ ማ/ኮሚቴ ማሌሊት እዩ ። በዚ ኣንፃር ጉባኤ ዘፅድቆ ህንፃ ሓድሽ ሓሳባት ዝምልከት እንታይ ከምዝብል ንርኤ ።

"ሐ. ሓድሹ ሓሳብ ክዝርገሓሉ ዝደሊ ኣባል ሓሳቡ ናብ ማ/ኮሚቴ ሰዲዱ ኣፍቂዱ ክዝርገሐሉ ክገብር ይካኣል'ዩ ። ማ/ኮሚቴ ነቲ ሓሳብ ምዝርጋሕ ዘየድሊ መሲሉ ተራእይዎ እንተነፂግዎ እቲ ኣባል ሓሳቡ ብመሰረታዊ ውዳበኡ ጀሚሩ ናብ ላዕለዎት ኣባላት ወረዳ ፡ ዞና ፡ ኮሚቴታትን ሪጅን ኮንፈረንስን ክቐርበሉ ዝግበረሉ ኣገባብ ናይቶም ኣካላት ካብ ፍርቂ ንላዕሊ ድምፂ ክረክብ እንተሎ እዩ ። እቲ ላዕለዋይ ኣካል ኣብ ሕጋዊ ኣኼባኡ ዝህልወሉ እዋን እቲ ሕቶ ናይ ሲሶ ድምፂ ድጋፍ እንተረኺቡ ኣጀንዳ ኮይኑ ይቐርብ ።"

እዚ ዝተጠቐሰ መሰል ኣባል ብዝምልከት ጉባኤ ማሌሊት ዘፅደቖ እዩ ። ካብዚ ጥቕሲ እንርድኦ "ሓድሽ ሓሳብ" እንተልዩ ካብ ዋህዮ ድጋፍ ረኺብካ ናብ ዝለዓለ ኣካል ሓሳብካ ክተሕልፍ ከምኡ እንዳበልካ ክሳብ ሪጅን ኮንፈረንስ ክትበፅሕ ከምትኽእል እዩ ። እዚ ድማ ሓድሽ ሓሳባት ኣብ ዋህዮ ክትመያየጠሉ ክትጅምር ከምትኽእል ኣብ ግምት የእቱ ማለት'ዩ ። ምኽንያቱ እቲ ሓሳብ ክዝርጋሕ ኣለዎ ኢላ እታ ዋህዮ ክተሕልፍ እንተኾይኑ ብዛዕባ እቲ ሓሳብ ፍልጠት ሃሊዋ ኣድላይነቱ ተረዲኣ ክትከውን ኣለዋ ። እዚ ማለት ድማ እታ ዋህዮ ነቲ ሓሳብ ተመያይጣትሉ ኣላ ማለት'ዩ ። እዚ ዚቐርብ ዘሎ ሓድሽ ሓሳብ ግን ነቲ ኣብ ጉባኤ ዝፀደቐ ሓሳብ ዝቃወም ክኸውን ይኽእል ። ገሊኡ ሓሳባት ነቲ ናይ ቅድም ሓሳባት ዝቃወም ምኺኑ ክትፈልጠ ትኽእል ድሕሪ ምይይጥን ትንተናታትን እዩ ። ስለዝኾነ ብላዕለዎት ኣካላት ማለት ጉባኤ ኮንፈረንስ ፡ ማ/ኮሚቴ ወ.ዘ.ተ. ዝፀድቕ ውሳነታት ተቓዋሚ ዝኾነ ሓሳባት ኣብ ናይ ዋህዮ ኣኼባ ክለዓልን ክዝተየሉን ይኽእል'ዩ ። ናይ ማሌሊት ማ/ኮሚቴ ግን ነዚ ዝቃወም ውሳነ እዩ ኣሕሊፉ ዘሎ ። እታ ዋህዮ ጉጅለ ተባሂላ ክትክሰስ እያ ማለት'ዩ ።

ካብቲ ብጉባኤ ዝፀደቐ ህንፃ ተወሰኽቲ መረዳእታታት ክነቕርብ ፦
መሰል ኣባል ብዝምልከት ከምዚ ይብል ፦

"ለ. ሓደ ኣባል ኣብ ስሩዕ መድረኽ ቀሪቡ ክትዕ ብዛዕባ ዝተገበረሉ ጉዳይ ዝተፈለየ ሓሳብ እንተልዩዎ ክሳብ ነቲ ዝሓለፈ ውሳነ ብግብሪ ዝተርጎመ እቲ ዝተፈለየ ሓሳቡ ኣብ ካሊእ ስሩዕ መድረኽ ከቕርብ ሒዙዎ ክፀንሕ ይኽእል'ዩ ። እቲ ሓሳብ እንደገና ኣብ ስሩዕ መድረኽ ክቐርብ ይኽእል'ዩ ።"

ብዋህዮ ደረጃ ዝግበር ኣኼባ ስሩዕ መድረኽ እዩ ። ኣብ ጉባኤ ዝተወሰነ ሓሳባት ኣብ ናይ ዋህዮ ኣኼባ ይግለፅ ተቓውሞውን ክተቕርብ ትኽእል ኢኻ እዚ ተቓውሞ እታ ዋህዮ እንተተቐቢላቶ ድማ ኣጀንዳ ጌራ ክትመያየጠሉ ትኽእል እያ ። ብህንፃውን እዚ መሰል ኣለዋ እዩ ። ስራሕን ሓላፍነትን ናይ መሠረታዊ ውድብ ብዝምልከት እቲ ህንፃ ከምዚ ይብል ።

"ሰ. ናይ ሊግ ፅሑፋት መምረሕታትን መደባትን ይኹን ካልእ ናይ ባዕሉ ኣገደስቲ ኣጀንዳታት እንዳተኣከበ ይዝተ ።"

ካብዚ እንርድኦ እታ ዋህዮ ናይ ባዕላ መመያየጢ ኣጀንዳ ክትገብር መሰል ከምዘለዋ ኢዩ ።

እምበኣርከስ ነዚ ኩሉ መሰላት ጥሒሱ እዩ ናይ ማሌሊት ማ/ኮሚቴ ብላዕለዎት ኣካላት ንዝፀደቐ ውሳነ ዝቃወም ሓሳባት ሒዝካ ምስ ማንም ሰብ ከይትመያየጥ ዝብል መምርሒ ዘውፅእ ዘሎ ። ሕሉፍ ሓሊፉስ ተቓውሞይ ኣብ ኮንፈረንስ ስለዘቕረብኩ ምሕንፋሽ እዩ ተባሂሉ ከምዝተገለፀ ንዝክሮ ኢና ።

ኣብ መወዳእታ ኣብ ህ.ወ.ሓ.ት ማሌሊ.ት ዝርአ ዘሎ ድኹም ናይ መስመር ቃልሲ ባህሊ መቦቆሉ ከምቲ ዝረኣናዮ ኮይኑ ሕፅር ብዝበለ ግን ኣጠቓሊልናዮ ክንሓልፍ ። ካብ 1969 ዓ.ም ድሕሪ ሕንፍሽፍሽ ጀሚሩ ዝማዕበለ ዝንባለ /ማለት ኣብ መራሕቲ ዕሙት እምነት ምሕዳር ፦ ዝተፈለየ ሓሳባት ዝቐርብ ከም ፀረ ውድብ ምርኣይ ወይ ምጥርጣር ካብዚ ዝነቐለውን ምንፃልን ካልእ ስጉምትታት ምውሳድን/ንምእራም ግቡእ ምንቅስቓስ ኣይገበረትን ጥራሕ ዘይኮነስ ነዚ ጉጉይ ዝንባለ ዘጠናኽር ኣሰራርሓታት እንዳጠናኸረት እያ መፂኣ ። ነዚ ዝንባለታት ዘጠናኽሩ ኣሰራርሓታት እቶም ቀንዲ ኾይኖም ዝረኣዩኒ 1/ ናይ ውድብ ቁዋማትን ውሳነታትን ሓፋሽ ተኻቲዑሎምን ተቓሊሱሎምን ዘይኮነስ ብጣዕሚ ውሑዳት ኣባላት ማ/ኮሚቴ ኣብ ገለ እዋናትውን ኣባላት ፖ/ቢሮ ጥራሕ ወሲኖም ዘሕልፍዎ ናብ ተጋደልቲ ዝቐርብ ዝነበረን / ዘሎን ምኻኑ እዩ ። ካብዚ ዝነቐለውን ናይ ሓሳባት ኣፈላላይ እንታይ እዩ ? ኣፈላላያት ሒዝካ ብሓባር ምቅላስ ማለት እንታይ እዩ ? ዝበሉ ሓሳባት ኣይርድኦን ተሞክሮ የብሉን ። 2/ ናይ ሰለልቲ ናይ ምቅላዕ ኣገባብን ወፈራን ነቲ ተጋዳላይ ነፃ ኮይኑ ሓሳቡ ከይገልፅ ዝገብር ዓብይ ዕንቅፋት ምኻኑ ። 3/ ናይ ክትዕ ልምዲ ከይዓቢን ሓሳባት ከይምዕብሉን ተቓዋሚ ሓሳብ ከይስማዕን ዝገብር ዲሞክራሲያዊ ህይወት ዘጽብብ ኣሰራርሓታት ብዝዓበየ መልክዑ ኣብ እዋን ማሌሊ.ት ምህላው።
4/ ናይ ማሌሊ.ት/ህወሓት መስመር ዝቃወም ሓይሊ ኩሉ ከም ፀላኢ ክረኤ ፥ ተጋደልቲ ይኹኑ ኣባላት ከይፅግዕዎም ፥ ናይ ምፅላምን ምፍርራሕን ስጉምቲ ምውሳድን መምርሒ.ታት ምሃብ ፥ ወ.ዘ.ተ. ዝመሰሉ ኣሠራርሓታት ማሌሊ.ት/ህወሓት ብተደጋጋሚ ትጥቀመሉ ኣገባብ እዩ ። ኢዚውን እቲ ተጋዳላይ/ኣባል ፀላእን ፈታውን ዝብል ነገር ነፂሩ ክፈልጠሉ ዘይኽእል ፥ ካብ ተፃረርቲ ሓሳባት ክረክብ ዝኽእል ፍልጠትን ተሞክሮን ከይረክብን ንባዕሉውን ብትኽክል ከይግምግምን ፥ ዕሙት ውድባዊ እምነት ከሕድርን ዝገብር እዩ ።

ማሌሊ.ት/ህወሓት ነዞም ዝተጠቐሱ ጉጉያት ኣሠራርሓታት ክሳብ ዘይነፀገት ድማ ሽሕ ጊዜ ኣብ ጉባኤታት "ናይ መስመር ቃልሲ ባህልና ድኹም እዩ" ፥ "ናይ ሓሳባት ኣፈላላይ ኣይንፀውርን" እንዳበለት እንተለፍለፈት ዋጋ የብሉን ። ናይዚ ከይዲ ውፂኢ.ት ድማ እቲ ዝኸፍአ መልክዑ በፂሑ ከምዘሎ ዝሕብረና ዝኾነ ተራ ሰብ ከልዕሎም ዝኽእል ሕቶታትን ሓሳባትን በቲ ኣብ ፖለቲካዊ ዓለም ተሳቲፉ ዝበሃል ከድረን ተጋደልትን ክለዓል ዘይምርኣይና እኹል መረዳእታ እዩ ።

## ዴሞክራሲን ቃልስናን

ህዝቢ ኢትዮጵያ ንመንግሥቲ ኃይለስላሴ ተቓዊሙ ክድርቢ ከሎ ብቦትኡ ዴሞክራሲያዊ ሥርዓት ማለት ናይ ምዝራብ ፥ ምውዳብ ፥ሰላማዊ ሰልፊ ፥ ምፅሓፍ መሰል ዘኽብር ፥ ናይ ብሄራት ፥ ሃይማኖት ፥ ፆታ ማዕርነት ዝሕሉ ፥ ሕገ መንግሥቲ ብህዝቢ ከፅድቕን መራሕቲ መንግሥቲ ብህዝቢ ክምረፁ ዝገብርን ስርዓት ንምትካል እዩ ነይሩ ። ናይቲ ወያነ ዓወትውን ብወሳናይነቱ ዝምዘን ነዞም ዴሞክራሲያዊ መሰላት ከመዝግብ እንተኺኢሉ እዩ ። ምኽንያቱ ኣብ ዝኾነ ወያነ እቲ ወሳኒ ሕቶ ናይ ሥልጣን ሕቶ ስለዝኾነ ኣብዚ ናይ ሥልጣን ሕቶ ድማ ናይ ዴሞክራሲያዊ መሰል ሕቶ እቲ ሕምብርቲ ናይቲ ቃልሲ ስለዝኾነ ።

ስለዚ ናይ ኃይለሥላሰ መንግሥቲ ይኹን ናይ ደርጊ መንግሥቲ ኣውዲቕካ ካልእ መንግሥቲ ምትካል ጥራሕ ዘይኮነስ ብዓይነቱ ዝተፈለየ ዴሞክራሲያዊ መንግሥቲ ምትካል እዩ ዕላማና ። እዚ ናብ ሥልጣን ዝመፅእ ዴሞክራሲያዊ መንግሥቲ ድማ በዚ ሕዚ ዘሎ ናይ ኢትዮጵያ ኩነታት ብሃንደበት ካብ ሰማይ ዝነጥብ ዘይኮነስ ኣብ ከይዲ እዚ ቃልሲ ዴሞክራሲያዊነቱ እንዳረጋገፀን ብህዝቢ ተቕባልነት እንዳረኸበን ክዓቢ እንተኺኢሉ እዩ ። "ዘፅግብያ ኢንጀራስ ካብ ምጎጎኡ ይፍለጥ" ከምዝበሃል ፅባሕ እንሃንፃ ዴሞክራሲያዊት ኢትዮጵያ ካብዚ ኣብ እዋን ቃልሲ እነቐምጠላ ዘለና ሰረት ክንፈልጣ ንኽእል ኢና ። ሕዚ ዴሞክራሲያዊ ኣሰራርሓ ዘይኽተል ውድብ ፅባሕ ፍትሒ ራህዋ ካልእ ተኣምር ከምፅእ እየ እንተበለና ነበረያ ነበረ እዩ ። ንክንሰምዖ እነጥፍኦ ጊዜውን ከሕዝነና ይግባእ ። ስለዚ ምስ ማሌሊት/ህወሓት እንገብሮ ክልሰ ሓሳባዊ ክትዕ ነት ጉዕዞ ናይ ወያነ ኣብ ምዕራይ ግደዘለዎን ኣገዳስን እዩ ኢልናኳ እንተተቐበልና ሕዚ ግን ኣብ ዕለታውን ግብራውን ዝኾነ ናይ ዴሞክራሲ ሕቶ እዩ ኣጠያያቒ ኮይኑ ዘሎ ። ናዚ ናይ ዴሞክራሲ ሕቶ ብግቡእ ከይመለስና ክልሰ ሓሳባዊ ፅሬት ናይ ወያነናውን ክንረክብ ኣይንኽእልን ።

ህዝቢ ኢትዮጵያ ክሳብ ሕዚ ዴሞክራሲያዊ መሰላት ረኺቡ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ መስመራትን ውድባትን ርእዩ ኣፅኒዑ ዘትዩ ዘዋፅኦ ፖለቲካዊ መስመር ሒዙ ኣሎ ክንብል ኣይንኽእልን ። ክሳብ ሕዚ ብዘለና ተሞክሮ በብከባቢኡ ኣብ ህዝቢ ተቐባልነትን ልዕልነትን ኣለና ዝብላ ዘለዋ ውድባት ብነፃን ዴሞክራሲያውን ኣገባብ ፖለቲካዊ ቃልሲ ተኻይዱ ዘይኮነስ ብወታደራዊ ዓብላልነት ነቲ ቦታን ህዝብን ብሒተን ዘረጋገፃኡ እዩ ። ወታደራዊ ልዕልነት ምርግጋፅ ማለት ድማ ግድነት ዴሞክራሲያዊ ልዕልነት ምርግጋፅ ማለት ኣይኮነን ። እዚ እንኽተሎ ዘለና ከይዲ ድማ ነቲ ህዝቢ ካብቲ ዘለዎ ፀገም ዘየላቕቕ ምኺኑ እሙን እዩ ።

ስለዝኾን ኣብዚ ዘለናሉ ናይ ቃልሲ መድረኽ ናይ "ዴሞክራሲያዊ መሰል ሕቶ እዋናውን ቀዳምነት ቦታ ዝህዝ ጭርሖን ጌርና ክንወስዶ ይግባእ ።" ዴሞክራሲያዊ መሰል ኣብ ውድባት " "ዴሞክራሲያዊ መሰል ኣብ ሓራ መሬታት" እዋናዊ ጭርሖና ክኸውን ዝደፍኡና እዞም ዝስዕቡ ኣገደስቲ ምኽንያታት ምህላዎም ምጥቃስ ከድሊ እዩ ።

1. ዴሞክራሲያዊ ልምዲ ናይ ህዝብና ንምምዕባል ህዝቢ ኢትዮጵያ ካብዞም ዴሞክራሲያዊ መሰላት ተገሊሉ ብምፅናሑ ዴሞክራሲያዊ ባህሉ ብጣዕሚ ትሑት እዩ ። ከምዚ ምኺኑውን ኣብ ቃልሲ ብዙሕ ዓንቀፍቀፍ የጋጥም ኣሎ ። ነዚ ድሑር ባህሊ ንምቕያር ድማ ውድባት ንሓሳባተን መድረኽ ክረኽባን ብሓባር ክንቀሳቐሳን ፖለቲካዊ ነቐፈታት/ቃልሲ ከካየዳን ክግበር ኣለዎ ። ኣብዚ ከይዲዚ እቲ ህዝቢ ብግብሪ እንዳተምሃረን እንዳነቕሐን ፖለቲካዊ ወገንነት ብዘይምንም ፅዕንቶ እንዳነፀረን ክኸይድ ይኽእል ። ፅባሕ በዚ ትምስረት ኢትዮጵያ ድማ ዴሞክራሲ ድልዱል መሰረት ንክህልዎ ይገብር ።

2. ፀጋማዊ መስመር ዝበለፀ ዕሬትን ዕምቆትን ክህልዎ ንምግባር ኣብቲ ፀጋማዊ ሓይሊ እየ ዝብል ወገንውን እቲ ዝኸተሎ መስመራት ዝተፈላለየ ንክኸውን ወድዓዊ ባይታ ዘለዎኳ እንተኾነ እቲ ዝህሉ ግን ብገፊሕ ናይ መስመር ቃልሲ ዕሙቀትን ብስለትን ረኺቡ ዝተትሓዘ ኣይኮነን ። እቲ ፀጋማዊ መስመር ዕሬትን ብስለትን ዕምቆትን ክህልዎ ገፊሕ ዴሞክራሲያዊ መሰላት ከም ቅድመ ኩነት ይሓትት እዩ ። ክሳብ ሕዚ ዘሎ ጉዕዞ ከምንርድኦ እንተኾይኑ ዝተፈላለዩ ፀጋማዊ ኣረኣእያታት ናብ መድረኽ ቀሪቦም ክትዕ ተገይሩሎም ጉጉያት ተነፂጎም ቅኑዓት ዝተጨበጡሉ ኩነታት ኣይነበረን ። እዘን ፀጋማዊያን ኢና ዝብላ ውድባት ንናይ ባዕለን መስመር ሒዘን ንኻልእ ኣገዲደን ኣንቃዕሪረን ከውሕጠኦ ዝፍትናሉ ተቓዋሚ ወይ ዝተፈለየ ሓሳብ መድረኽ ከይረክብ ዝዕፍናሉ ወይ መፀለምታታት ዘካይዳሉ ጉዕዞ ኢና ንፈልጥ ። እዘን ውድባት ዘለወን ገንዘብን ማተርያልን ነዚ ዴሞክራሲያዊ መድረኽ ንምፍጣር ከምተጠቐማሉ ዘየድሊ ኪሳራ ምቕነስ ጥራሕ ዘይኮነስ እቲ ቃልሲ ኣብ ምስላጥ እውን ዓቢ ግደ ምተፃወተ ነይሩ ።

ፀጋማይ ሓይሊ ናይ ኢትዮጵያ ከም ማሌሊት ወፃእና ወፃእና እንተዘይልና ማርክስ ሌኒንነት ብዕምቈትን ብስለትን ክንሕዝ ነዊሕ ጉዕዞ ከምዝተረፈና ፥ ጋና ጀመርቲ ተምሃሮ ምኻና ምግንዛብ ኣገዳሲ እዩ ። ከምኡ ምህላውና ምግንዛ ብንባዕሉ ዓቢይ ፀጋ እዩ ። ንክንመሃር ንክንፈልጥ ድማ ገፊሕ ዴሚክራሲያዊ መሰላት ንሓትት/ ንደሊ ። ክንመሃር ፥ ክንካታዕ ሓሳብና ክንገልፅ ናይ ካልኦት ሓሳባት ክንሰምዕ ንደሊ ። ከም ማሌሊት ኣነ ክምህረኩም ስቕ ኢልኩም ተቐበሉ ዝብለና ፥ መድረኽ ቃልስና ዝቕበሎ ኣይኮነን ። ናይ መስመር ኣፈላላያት ክፀቡ ዝኽእሉ ድማ እዚ ዴሞክራሲያዊ መድረኽ እንተሃልዩ እዩ ።

3. ናይ ሰፊሕ ግንባር ሕቶ ተግባራዊ ምግባር ፦

ኣብዚ እዋን ፀረ ደርግን ሶቪየት ሕብረትን ግንባር ንፍጠር ዝብል መድረኻዊ ጭርሖና እዩ ። እዚ ግንባር ክፍጠር እንተኾይኑ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ ውድባት ምስ ዝተፈላለየ መስመራትን ፕሮግራማትን ሒዘን ኣብቲ ዝነኣሰ ሓባራዊ ፕሮግራም ዝሳተፉሉ እዩ ። እዚ ሰፊሕ ግንባር ነፃ ህልውና ናይተን ውድባት ከኽብር ኣለዎ ። እዚ ማለት ድማ እተን ውድባት ካብቲ ሓባራዊ ፕሮግራም ወፃኢ ብናይ ባዕለን ፕሮግራም ከምህራ ክውድባ ፖለቲካዊ ነቐፌታ ኣብ ካልኦት ከካይዳ ይኽእላ እየን ማለት እዩ ። እዚ ዕድል እንተዘየልዩ እቲ ሰፊሕ ግንባር ክምስረት ኣይኽእልን ። ውድባት እዛ ጎደናይ መን ይደፍራ እንዳበላ ናይ ስሙር ግንባር ጭርሖ እንተጨረሓ ቃልዓለማዊ ኢዩ ። ናይ ስሙር ግንባር ጭርሖ ዴሞክራሲያዊ መሰላት ኣብ ሓራ መሬት ቅድመ ኩነት ጌሩ ዝብገስ እዩ ። ስለዝኾነ ውድባት ዴሞክራሲያዊ መሰላት ከኽብራ ክንሓተንን ክንደፍኤንን እዋናዊ ተግባርና ክኸውን ንግደድ እና ።

ንምጥቕላል ክሳብ ሕዚ ከምዝተኸታተልናዮ ኣብዚ ናይ ቃልሲ መድረኽ "ዴሞክራሲያዊ መሰል ይከበር" ዝብል ጭርሖ ሕምብርቲ ናይ ፖለቲካዊ ቃልስና ምኺኑ ፥ ዝኾነ እቃለስ እየ ዝብል ውድብውን ብዝነኣሰ ብዴሞክራሲያዊ ጠባዩን ኣሠራርሓኡን ክምዘን ከምዝግበኦ እዩ ። በዚ መሠረትውን ንማሌሊት ክንፍትና ፀኒሕና ። ማሌሊት ፀጋማዊ ሓይሊ ማርክስ ሌኒናዊ ፓርቲ እየ ንምባል እተቕርቦም ክልሰሓሳባዊ ክትዓት ወያነና ቅኑዕን ዘይቅኑዕን መስመር ንምምማይን ንፀሬቱን ኣስተዋፅኦ ስለዝህልዎ ጉጉይ መስመራት ናይ ማሌሊት ንምቅላዕ ብክልሰ ሓሳብ ደረጃ ክትዕ ክንገብር ኣለና ። እዚ ግን ንማሌሊት ፀጋማዊት ድያ ኣይኮነትን ንምባል እነቐምጠ ዘለና መለከዒ ኣይኮነን ። ምኽንያቱ ማሌሊት ካብኡ ንዝተሓተ ማንም ቡርዧ ውድብ ከማልኦም ይግባእ እንብሎም መመዘንታት እያ ብቕዕቲ ኮይና ዘይትርከብ ዘላ ። ከምቲ እንዳረኣናዮ ዝመፃእና ማሌሊት መሠረታዊ ዝኾኑ ዴሞክራሲያዊ መሰላትን አሠራርሓታትን ትጥሕስ ከምዘላ እዩ ።

- ሓሳባት ብነፃ ክሽራሸሩን ኣብ መድረኽ ክወጽኡን ከምዘይትፈቅድ፥
- ዴሞክራሲያዊ ባህሊ ዘዳኽም ፀጥታዊ ኣሠራርሓ ዘጥብቕ ከይዲ ከምትኽተል ፦
- ዝተፈለየ ሓሳብ ንዘለዎ ምዕላም ፥ ከምፀላኢ ምራይ ወ.ዘ.ተ
- ዝተፈለየ ሓሳብ ንህዝቢ ከይዝርጋሕ ከምትኽልክል
- ዴሞክራሲያዊ መሰላት ጢሒሳ ትፍትሽ ፥ ምስ ሰብ ከይትራኸብ ከይትውድብ ትኽልክል ፥ ፅሑፍ ተሕድግ

ማሌሊት እቶም ዓንድታት ናይ ዴሞክራሲያዊ መሰላት ኩሎም ትጥሕሶም ከምዘላ ኢና ንርዳእ ። ህዝብናውን ብቕዓት ናይ ማሌሊት ዝመዘኖ በዚ ደረጃ እዩ ። ነዚውን ብቕዕቲ ዘይምኳና እዩ ዝርዳእ። ማሌሊት በዚ ዘይዴሞክራሲያዊ ኣሰራርሓኣ ምኽንያት ዴሞክራሲያዊ ህይወትን ልምድን ዘይብሉ ዕሙት ውድባዊ እምነት ዘለዎ ሠራዊት ንምህናጽ በቒዓ ኣላ ። እዚ ከይዲ እዚ ድማ ንቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ጥራሕ ዘይኮነስ ንወያነ ኢትዮጵያ ዓንቃፍን ጎዳእን ምኳኑ ብሩህ እዩ ። ህዝቢ ትግራይ ኣብ ቃልሱ ዓበይቲ ዓወታት እንዳመዝገበ ፀኒሑ መወዳእታኡ ናብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት ምውዳቑ ዘሕዝን እዩ ። ኩሉ ተቓላሳይ ነዚ ኩነታት ኢዱን እግሩን ኣጣሚሩ ክርእዮ ዘለዎ ኣይኮነን ። ማሌሊት ዘይዴሞክራሲያዊ ኣሰራርሓኣ ብዝተራቐቐ መገዲ ንህዝቢ ብምድንጋር ክተተግብሮ ስለትፍትን ነዚ ጉጉይ ኣሠራርሓታት ብዘይንሕስያ ኣቃሊዕኻ ህዝብን ተጋዳላይን ክፈልጠምን ክቃለሶምን ምግባር ኣገዳሲ ኢዩ ። ኣብ ከይዲ ቃልሲ ከምዚኦም ዝመሰሉ ዕንቅፋትን ውድቀትን የጋጥሙ እዮም ። እዞም ዕንቅፋትን ድኽመትን ግን ተሰፋ ክንቆርፅ ዘይኮነስ ካብኦም ተማሂርና ቃልስና ኣፅሪና ክንቅፅል ዝደፍኡና ክኾን ይግባእ ።

ዴሞክራሲ ኣብ ሓራ መሬት ! ! !
ዕንወት ንፋሽሽቲ ደርግን ዓንገልቱን ! ! !

## ልጋብ

ካብዚ ቀጺለ ምስ ፖሊት ቢሮ ማሌሊት ዝፀሓሓፎ ዝነበርኩ ደብዳበታት ኣቕሪበ ኣለኹ ። ብወገን ማሌሊት ዝወሃበኒ ዝነበረ መልሲ እተን ብፖለቲካዊ መገዲ ኣየውቅዓናን ኢሎም ካብ ሜዳ ሒዘየን ክወፅእ ዝፈቐዱለይ ጥራሕ እየን ። ምስዚ ዝተትሓዘ ዘሕደጉኒ ደብዳበታት ኣሎ ።

ኣብ ማሌሊት/ህ.ወ.ሓ.ት ዘሎ ኣሠራርሓን ኣረኣእያን ኩሉ ነናይ ባዕሉ ሚዛንን ገምጋምን ክገብረሉ እቲ ኣብ ፖለቲካዊ ኣፈላላይና ዝነበረ ኣተሓሕዛን ከይድን ዝገልፅ ደብዳበታት ከምዘለዎ ምቕራቡ ኣገዳሲ ኮይኑ ይስመዓኒ ። ብተወሳኺ ማሌሊት/ህ.ወ.ሓ.ት ንግደይ ንምንታይ ብስሙር ግንባር ዘይተቐበልኩምዎ ዝብል ብህዝብን ውድባትን ዝቐርበሎም ሕቶ ክንቅበለካ ኢልናዮ ባዕሉ ገዲፉዎ ወጺኡ ዝብል ምድንጋር ጀሚሮም ስለዘለው እቲ ደብዳበታት ንምስክርነት ከምዘለዎ ምቕራቡ ኣገዳሲ ኮይኑሎ ።

23/1/79

ብፃይ ኣባይ ከመይ ቀኒኻ ኣኼባ ይሰልጥ ኣሎዶ ? ድሕሪ ናይ ነፋሪት ደብዳብ ብስራሕ ምኽንያት ናብ ደጀን ደይበ ነይረ ። ኣጋጣሚ ግን ንስኹም ትብገሱ ስለዝነበርኩም ክንራኸብ ኣይከኣልናን ።

ብዛዕባ "ናይ ገባርን ሽቃሎን ምልክነት" ትምልከት ፅሕፍቲ ከምቲ ቅድም ዝገለጽኩልካ መልሲ ምፅሓፍ ጀሚረ ኣለኹ ። ብዙሓት ሓሳባት ዝተልዓሉ ስለዘለው ግን ጊዜ ክወስደኒ ምኺኑ ተገንዚበ ኣለኹ ። ስለዚ እተን ዝቐደማ ፅሑፋት ይዘርግሓሞ እዚኣውን ምስወዳእኹ ክትስዕብ መልሲ ይፅሕፍ ከምዘሎኹውን ኣብቲ መእተዊ ናይተን መፅሔታት እንተተገለፀ ፅቡቕ ።

ካልእ ነቲ ፅሑፍካ ክምልስ ከሎኹ ናይ ማሌሊት መርገፂውን ከም ናትካ ምኺኑ ብምውሳድ ኣብ ማሌሊት ዘለኒ መርገፂውን እንዳነፀርኩ እየ ክኸይድ ። ብዝተረፈ እዚ ናይ ኣፈላላያትና ክትዓት ካብ ክሊ ማ/ኮሚቴ ወፃኢ ግፍሕ ዝበለ መድረኽ ረኺቡ ክዝርጋሕ ፖሊት ቢሮ ወይ ማ/ኮሚቴ ውሳነ ክህበሉ እግረ መገደይ የዘኻኽር ኣለኹ ። መልሲ ካባኻ እፅበ ኣለኹ ።

ግደይ

ናብ ግደይ ዘርኣፅየን

ሕዳር 8/1979

ኣብ መስራቲ ጉባኤ ማሌሊት ኣብ ፕሮግራም ዝሰፈረ ምልኪ ሽቃሎን ገባርን ናይ ምትካል ፖለቲካዊ ዕላማ ብምሉእነት ከይትቕበሎ ሕርኽርኽ ዝብለካ ነገር ከምዘሎካ ገሊፅካ ነዚ ክተፅሪ በቲ ሕሉፍ ናይ ኣሠራርሓና ድኽመት ምኽንያት ግድነት ኮይኑ ዝተውሃበካ ዕድል ነይሩ ። እዚ ዕድል’ዚ ክትጥቀም እንተለኻ ነቲ ፕሮግራም ብመሠረቱ ተቐቢልካን ቁጣበኻ ገዲፍካን ጥራሕ ከምዝኾነ ጉባኤ ወሲኑ ንስኻውን ብኡ ተቐቢልካዮ ዝኣተኻ ነይሩ ። ማ/ኮሚቴ ማሌሊት ድማ በቲ ኣብ ጉባኤ ዝተወሰነልካን በቲ ንስኻውን ነቲ ፕሮግራም ተቐቢልካ ብኡ ተጠርኒፍካ ክትጓዓዝ ግን ሕርኽራኽካ ንምፅራይ ምስ ዝሕግዙኻ ብፆት ክትመያየጥን ከምዝተፈቐደልካ ዝዝከርዩ ።

በዚ መሠረት ኣብ 1978 ውሽጢ ፅንዓት ጌርካ ሕርኽራኽካ ክንዲ ምፅራይ ኣፈላላይካ ዘዕቢ ነቲ ፕሮግራም ዝፃረር መርገፂ በፂሕኻ ነዚ ዝገልፅ ፅሑፍውን ኣዳሊኻ ኣቕሪብካ ንዕኡ መልሲ ድማ ብፅሑፍ ሂብናካ ክልቲኡ ፅሑፍ ናብ ማ/ኮ ክዝርጋሕ ተገይሩ ናይ መጨረሻ መርገፂኻ ነቲ ዝሃብናካ ፅሑፍ ሪእኻ ክተንፅር ክሳብ ማ/ኮ ኣኼባ ዘሎ ጊዜ ተዋሂቡ ብፅሑፍ መልሲ ተዳሉ ከምዘሎኻ ገሊፅካ ነይርካ ። እቲ ዝፀሓፍካዮ ፅሑፍን እቲ ዝሃብናዮ መልስን ናብ ኩሉ ኣባል ክዝርጋሕ ሓቲትካ ካብ ፕሮግራም ወፃኢ ዝኾነ ፅሑፍ ናብ ኣባልን ዕላዊ መድረኽ ሊግናን ናይ ምዝርጋሕ መሰል ዝህሉ እቲ ፕሮግራም ንክትዕ ኣብ ዝዝርገሐሉ ጊዜ ጥራሕ ወይ ድማ ፕሮግራም ንክትዕ ክዝርጋሕ ዝሓትት ኣካል ህንፃ ዝፈቅድ ኣገባብ ምስ ኣማለኤ ጥራሕ ምዃኑ ተገሊፁልካ ነይሩ ። ኣብ ኣድላይ ጊዜ ግና እቲ ፅሑፍ ከም እንፎርመሽን ክዝርጋሕ ከም ዝኽእል ተገሊፁልካ ነይሩ ። በዚ ኣገባብ’ዚ መሠረት ንናይ ፕሮግራም ኣፈላላይ ናይ መጨረሻ ቅዋምካ ናብ ማ/ኮ ኣኼባ ክተቕርብ ንፅበየካ ነይርና ።

ኣብ ሞንጎኡ ኣብ እዋን ርጅን 1 ስሩዕ 2ይ ርጅናዊ ኮንፈረንስ ጊዜ ሃገራዊ ቡርዧን ሃፍታም ሓረስታይን ዝምልከት ኣብ ፕሮግራም ዝሰፈረ መርገፅና ተፃሪርካ ስለዝተዛረብካ እቲ ኮንፈረንስ ፕሮግራምና ዝፃረር ሰብ ይውፅኤልና ወይ ብኸመይ ዝበለ ኣገባብዩ ኣብዚ ዝሳተፍ ዘሎ ዝብል ተቓውሞ ኣልዒሉ ናይቲ ኮንፈረንስ ፕረዝድየም ነቲ ጉዳይ ክሪኦ ተወሲኑ ። ፕረዝድየም ንዘቕረበልካ ሕቶ ድማ ፕሮግራም ማሌሊት ኣይኣምነሉን ዝብል መልሲ ሂብካ ኣብቲ ኮንፈረንስውን እምነተይ ሒዘ ምክታዕ ጌጋ ኣይኮነን ንቕፃሊውን በቲ መርገፂ ተበጊሰ እየ ዝካታዕ ፥ በቲ ናይ ማሌሊት ፕሮግራም ኣይቕየድን ስለዝበልካ ፕረዝድየም ካብቲ ኮንፈረንስ ክትወፅእ ዝሃቦ ውሳነ ርጅን ኮንፈረንስውን ተቐቢልዎ ወፂኻ።

ድሕሪኡ ኮሮም ዝመልእ ፖሊት ቢሮ ተራኺቡ ድማ ንኡስ ፕሮግራም ማሌሊትን ፕሮግራም ህ.ወ.ሓ.ትን ሓደ ስለዝኾነ ነዚ ፕሮግራም ተፃሪርካ ኣብ ክልቲኡ ይኹን ሓዲኡ ክትፀንሕ ከምዘይትኽእል ስለዚ ድማ ካብ ህወሓት ይኹን ካብ ማሌሊት ኣባል ድማ ክሳብ ማ/ኮ ማሌሊት ብውሳነኡ መሠረት ናይ መጨረሻ ውሳነ ዝህበካ ተኣጊድካ ትፀንሕ ።

ኩሉ ናይ ህወሓት ይኹን ማሌሊት ሒዝካዮ ዝፀናሕኻ ሥራሕ ተረክብ ፥ ከም ተራ ሰብ ጥራሕ ኮይንካ ክሳብ እቲ ዝለዓለ ኣካል ሕጋዊ ስንብት ዝህበካ ትፀንሕ ኢሉ ወሲኑ ኣሎ ።

ካብ ፕሮግራምና ዝተፈለየ ሓሳብ ዝሓዘ ፅሑፍ ወይ ሰብ ኣብ ኣባልና ምዝርጋሕ ኣድላይ ኮይኑ ጠቓሚ ኮይኑ እንትንረኽቦ ምዝርጋሕ ኣሠራርሓና ስለዝኾነ ብመሰል ዘይኮነ ብጠቓምነት ርኢና ኣፈላላይካ ብፓነል መልክዕ ኣብ መወዳእታ ናይዚ ኮንፈረንስዚ ክተቕርብ ዕድል ንህበካ ኣለና ፍቓደኛ እንተኾይንካ መልሲ ኣፍልጠና ። እቱ ዝተዘርዘረ ነጥብታት ብኣካል ክንዘራረበሉ ናይዚ ፓነልን ናይዛ ደብዳቤን መልሲ ብፅሑፍ ሃበና ።

ማህተም ማሌሊት

ኣባይ

ሕዳር 10/1979.

ናብ ኣባይ

ብሕዳር 8/1979 ፖሊት ቢሮ ብዛዕባ ናተይ ካብ ህ.ወ.ሓ.ትን ማሌሊትን ኣባልነት ምእጋደይ ዘሕለፎ ውሳነ ዝገልፅ ደብዳቤ በጺሑኒ ።

ብማ/ኮሚቴ ማሌሊት ኣብ ናይ ሽቃላይን ገባርን ምልክነት ዘለኒ ኣረኣእያ ናይ መጨረሻ ፅሑፈይ ሕዳር 30/1979 ክቕርብ ዕድል ተዋሂቡኒ ከምዝነበረ ዝዝከር እዩ ። ኣብ ሞንጎዚ ኣብ ናይ ሪጅን 1 ካልኣይ ኮንፈረንስ ብሕዳር 3/1979 ኣብ ዝተልዓለ ኣጀንዳ ተቓውሞ ኣቕሪበ ። እቲ ገዛ ተቓውሞይ ፕሮግራም ዝትንክፍ ስለዝኾነ ናይ ፕሮግራም ኣፈላላይ ሒዝካ ክትቅፅል ኣይትኽእልን ብዝብል ካብቲ ኮንፈረንስ ክወፅእ ወሲኑ ።

ብወገነይ ገዛ ተቐቢልዎ ኣብ ምይይጥ ንዘሎ ኣጀንዳ ደጊፍካ ወይ ተቓውሞኻ ምግላፅ ሕጋውን ትኽክለኛን ምኺኑ ማንም ሰብውን ሓሳብካ ደረቱ ካብዚ ናብዚ ጥራሕ ኢኻ ትዛረብ ክብለካ ከምዘይብሉን እየ ዝኣምን ። ፕሮግራም ፍፁም ኮይኑ ዘይትንከፍን ዘይንቀፍን ኣይኮነን ። እቲ ቀንዲ ናይ ቃልሲ ርብርብውን ፅሩይ ፕሮግራም ንኽትሕዝን ብፅሬቱ ድማ ሓሊኻዮ ክትከይድን እዩ ።

ፕሮግራም ዝትንክፍ ኣጀንዳ ከም መመያየጢ ብዕሊ እንተቐሪቡ ካብ ዋህዮ ጀሚሩ ክሳብ ዝለዓለ ጉባኤ ዘሎ ኣኼባታት ነቲ ፕሮግራም ክድግፍ ወይ ክነቕፍ ግድነት'ዩ ። ነቲ ፕሮግራም ዝነቅፍ ሓሳብ ክቐርብ የብሉን ዝብል ኣረኣእያ እንተልዩ ግን ሓሳቡ ከይገልፅ ተዓጊቱ ዝተርፍ ክህሉ'ዩ ። እዚውን ትኽክለኛ ናይ ማሌ ኣሠራርሓ ኣይኮነን ። በዚ መሠረት ኣብ መጀመርያ ፕሮግራም ይትንክፍዩ ብዝብል ሓሳበይ ከይገልፅ መድረኽ ከይረክብ ምግባሩ ትኽክል ዘይምኺኑ ይኣምን ። ኣብ መወዳእታ ግና ናይ ማሌሊት መስመርን ፕሮግራምን ኣይኣምነሉን በቲ ፕሮግራም'ውን ተጠርኒፈ ምይይጥ ክቕፅል ኣይደልን ምስበልኩ ካብቲ ኮንፈረንስ ክወፅእ ምውሳኑ ትኽክለኛን ሕጋውን ምኺኑ እቕበሎ ።

ብድሕሪዚ ፖሊት ቢሮ ተኣኪቡ ናይ ማሌሊት ንኡስ ፕሮግራምን ናይ ህ.ወ.ሓ.ት ፕሮግራምን ሓደ ስለዝኾነ ነዚ ፕሮግራም ተፃሪርካ ኣብ ክልቲኡ ይኹን ሓዲኡ ክትፀንሕ ስለዘይከኣል ክሳብ ማ/ኮሚቴ ማሌሊት ናይ መጨረሻ ውሳነ ዝህብ ካብ ክልቲኡ ውድብ ኣባልነተይ ተኣጊደ ክፀንሕ ወሲኑ ኣሎ ። እዚውን ብሕጋዊ መገዲ ዝቃወሞ ነገር የብሉን ።

ኣብዚ ንማ/ኮሚቴ ማሌሊት ከዘኻኽሮ ዝደሊ ነገር ግን ብወገነይ ፀረ መስፍንነትን ሃፀይነትን ቢሮክራሲያዊ ር/ማልነትን ይቃለስ ስለዝኾንኩ ብናይ ስሙር ዴሞክራሲያዊ ግንባር ፃውዒት እንተገደደ ድማ ብናይ ስሙር ግንባር ፃውዒት ናይቲ ውድብ መሰረት ሓቢረ ክቃለሰሉ ዝኽእል ዕድል ኣሎ ኢለ ስለዝኣምን ነዚ ኣብ ግምት ኣእትዩ ውሳነ ክህበኒ እዩ ። ብተወሳኺ ኣብቲ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲን ኣብ ምስረታ ፓርቲ ብኢትዮጵያ ደረጃ ዝግበር ጉዕዞን ርዑይ ተራ ክህልወኒ ስለዝደሊ ነዚ ተሳትፎይ ዝሕግዝ ፖለቲካዊ መድረኻትን ማተርያልን ዝረኽበሉ ዕድል ኣብ ግምት ካኣቱ እላቦ ።

ኣብ መጨረሻ ኣፈላላይካ ብፓነል መልክዕ ክተቕርብ እንተደሊኻ ኣብ መወዳእታ ናይዚ ኮንፈረንስ ዕድል ንህበካ ኣለና ንዝብል እቕበሎ ኣሎኹ ኣገባብ ኣቀራርባኡ ዝምልከት ብኣካል ምሳኻ ክዛራረበሉ።

ግደይ ዘርኣጽዮን ።

24/6/79

ናብ ኣባይ

ብወያናይ ሰላምታ

ብሕዳር 8/1979 ዓ.ም ፖሊት ቢሮ ናተይ ካብ ህ.ወ.ሓ.ትን ማሌሊትን ኣባልነት ምእጋደይ ዘሕለፎ ውሳነ መሰረት ብምግባር ማ/ኮሚቴ ማሌሊት ብስሙር ዴሞክራሲያዊ ወይ ብስሙር ግንባር ፃዊዒት መሰረት ሓቢረ ክቃለሰሉ ዝኽእል ኩነታት ክፈጥረለይን ፖለቲካዊ መድረኻት ክረክብን ናይ ማተርያል ሓገዝ ክገብረለይን ሓቲተ ክምዝነበርኩ ዝዝከር እዩ ። ነዚ ሕቶይ ማ/ኮሚቴ እንተተቐቢልዎ ሕዚ ኣብዚ መድረኽ ክፍቀደለይ እዘን ዝስዕባ ነጥብታት ኣቕሪበ ኣሎኹ ፦

1. ከም ሓደ ፖለቲካዊ ኣካል እቲ ናይ ስሙር ግንባር ፃውዒት ብዝፈቕዶ መሰረት ነፃ ህልውና ክረጋገፀለይ ማለት ፦
   - ሀ/ ፖለቲካዊ መስመረይ ብቓል ይኹን ብፅሑፍ ኣብ ህዝቢ ክዝርግሕ መሰል ክህልወኒ ምንም ዓይነት ተፅዕኖ ወይ ቁጽጽር ከይግበረለይ ፤
   - ለ/ ምስ ውድባት ይኹን ውልቀ ሰባት ርክብ ንምምስራት ዝኽእል መሰል ክህልወኒ ነዚ.ውን ብደብዳበ ይኹን ብኣካል ንዝገብሮ ርክባት ተፅዕኖ ወይ ቁፅፅር ከይግበረለይ ፤
2. ንምንቅስቓሰይ ሓገዝቲ ዝኾኑ እዞም ዝስዕቡ ፅሑፋት ክፍቀደለይ
   - ሀ/ እቲ ውድብ ክረኽቦም ዝኽእል ፖለቲካዊ መፃሕፍቲ ኣነውን ክጥቀመሎም ዕድል ክረክብ ፤
   - ለ/ ናይ ካልኦት ውድባት ዕላዊ ፖለቲካዊ ፅሑፋት ማሌሊት እንተረኺባ ኣነውን ክጥቀመሎም ፤
   - ሐ/ ናይ ውድብ ዕላዊ ፅሑፋትን ንህዝቢ ዝዝርግሓ ከም ወይን ፥ ህዝባዊ ድምጺ ፥ ህንፃ ፥ ሕጊ ፥ ፕሮግራም ወ.ዘ.ተ ዘበለ ክረክብ ፤
   - መ/ ፖለቲካዊ መርገፅታትን ንህዝቢ ዝዝርግሑ ፖሊሲታትን ዝምልከቱ ፅሑፋት ፤
   - ሰ/ ንፅንዓትን ገምጋምን ዝሕግዝ ደኩመንትስ ከም ናይ ጉባኤ/ኮንፈረንሳት ሪፖርትን ውሳነታትን ፤
   - ረ/ ናተይ ካብ ፖሊት ቢሮ ናይ ህ.ወ.ሓ.ት ምውራድ ዝተውሃበ ውሳነ ኮፒ ፤
3. ናይ ሓፈሻዊ ፖለቲካዊ ኩነታት ኢንፎርሜሽን ዝረኽበሉ ዕድል ክህልወኒ
4. ፅሑፋት ንምውፃእን ንመነባብሮይን ዝኸውን ናይ ማተርያልን ገንዘብን ሓገዝን ምትሕብባርን ክግበረለይ ።

ግደይ ዘርኣጽዮን

25/6/79

ናብ ግደይ ዘርኣፅዮን
ከመይ ትኸውን ?

ኣብ ፅባሕ መስራቲ ጉባኤ ማሌሊት ዝተገብረ ማ/ኮ ኣኼባ ብሕሉፍ ጌጋታትካን ምስ መድረኽ ዘይዳዓዝ ኣራእያ ብምሓዝከን ካብ ፖሊት ቢሮ ወሪድካ ደሓርውን ቀፃሊ ጌጋታት ብምግባርካ ካብ ማ/ኮ ወሪድካ። ፕሮግራም ማሌሊትን ህወሓትን ብዝምልከት ዝነበረካ ሕርኽርኽ ከተፅሪ ከምክኾን ዘይነበሮ ጊዜያዊ ናይ ሕሉፍ ዕዳና ኣሠራርሓ ተፈቕዱልካ ክሳብ ቀፃሊ ማ/ኮ ኣኼባ ነዚ ሕርኽርኽ ክተፅሪ ክተፅንዕ ምስ ክሕግዙኻ ዝኽእሉ ክትመያየጥ ማ/ኮ ወሲኑልካ ነይሩ ። ኣብ ሕዳር 1979 ኣብ ረጅን 1 ኣብ ዝተገብረ 2ይ ርጅናዊ ኮንፈረንስ እቲ ፕሮግራም ተንከፍ ሕርኽርኽካ ናብ ንፁር ኣፈላላይ ከምዝዓበየ ዘረጋግፅ ፕሮግራም ዝፃረር ክትዕ ኣብቲ ኮንፈረንስ ጀሚርካ ዘይሕጋዊ ምኺኑ ተነጊርካ ከሎ ክቕፅል ስለዝበልካን ነዚ ከምዘይንቕበል ምስተነገረካውን ስለዘይተቐበልካዮ ብህንፃና መሰረት ኣባል ክትኮን ኣይትኽእልን ብዝብል ፖ/ቢሮ ወሲኑ ።

ድሕሪኡውን እቲ ፕሮግራም ተንከፍ ኣፈላላይካ ንኽትዕ ክዝርጋሕ ዝኽእል ፕሮግራም ኣጀንዳ እንትኸውን ወይ ብማ/ኮ ይኹን ብቲ ህንፃ ዝሓቶ ቁፅሪ ኣባል ተደጊፉ ጥራሕ እዩ እንተኾነ ከም ሓደ ካብ ፓርቲ ወፃኢ ዘሎ ሰብ ዝሓዞ ሓሳብ ግና ናብ ፓነል ምቕራቡ ንቲ ሊግ ጠቓሚ ኮይኑ ረኺብናዮ ብፓነል ሓሳብ ኣቕሪብካ ክትካታዕ ዕድል ሂብናካ ። እቲ ኮንፈረንስ ተኻፋላይ ሓሳብካ ሰሚዑ ንቲ ሓሳብካ ዘፍርስ ሓሳብውን ሰሚዑ በቲ ክትዕ ዝፈረሰ ሓሳብካ ሕዝውን ቀፃሊ እምነትካ ከምዝኾነ ገሊፅካ። ሃፍታም ሓረስታይን ሃገራዊ ቡርዧን ስልታዊ ፈተውቲ እዮም ። ናይ ሽቃሎን ገባሮን ምልኪ ሓደ መልክዕ ምልኪ ሽቃሎ እዩ ። ቅድሚ ዴሳዊ ወያነ ስግግር ናብ ዴስነት ዝበሃል መድረኽ ኣሎ ። ዝብል ቅዋም ኣለኒ ኢልካ ። ድሕሪኡ በዚ ቅዋመይዚ ብስሙር ግንባር ወይ ብስሙር ዴሞክራሲያዊ ግንባር ፕሮግራም መሰረት ተኣሳሲረ ክቃለስ እደሊ እየ ፥ ነዚ ዕድል ዝህበኒ ኣገባብ ግበሩለይ ኢልካ ሓቲትካ ። ናይዚ ዝርዝር ሕቶታትካ ድማ ብ24/6/79 ዝፀሓፍካዮ በፂሑና ኣሎ ።

ማ/ኮ ማሌሊት/ህወሓት ብዝሃቦ ውሳነን መምርሕን መሰረት ፖ/ቢሮ ናትካ ጉዳይ ብዝምልከት ውሳነኡ ዝስዕብ'ዩ ።

1. ግደይ ክሳብ ሕዚ ዘርኣዮ ጉዕዞ ዘረደአና ንሓሳባት ደው ዝበለን ብሓሳባት ተመሪሑ ካብ ህወሓት/ማሌሊት ዝተፈለየን ፖለቲካዊ ሰብ ምኺኑ ዘይኮነስ ንሓሳባት ብኣንፃር ክብሩን ጥቕሙን ዝሕዞም ወይ ዝድርብዮም ዝሓብኦም ዝስሕቦም ጉልባብ ናይ ውልቃዊ ድልየትን ክብርን ዝኾኑ መርገጽታት እዮም ዘለውዎ ። ስለዚ ዋላ ጉጉያት ይኹኑ ከም ፖለቲካዊ መርገፅታት መጠን ሒዙ ንፁር መስመር ዘለዎ ፖለቲካዊ ሰብ ዘይምኺኑ ኢና እንርዳእ ።
2. እቶም ግደይ ዝሓዞም ፖለቲካዊ ኣፈላላያት ዝሓዘ ውልቀ ሰብ ብስልታዊ ወይ ስትራተጂያዊ ግንባር ከተኣሳስረናን ክቃለስሉ ምትሕብባር ክንገብርን እምነትና እዩ ። ግደይ ግና ነቶም ሒዙዎም ዘሎ ሓሳባት ሒዙ ከም ፖለቲካዊ ሰብ ዝቕፅልን ብቐዳምነት ንደርግን ሶሸየት ሕብረትን ዝፃረር ናይ ብሓቂ ዝቃለስ ሰብ ክኾን ምኺኑ ዘእምነና ተግባር ስለዘይረኣናሉ ።

 2. 1 እዚ ብተግባር ክሳብ እንርኢ ማለት ናይ ብሓቂ ፀረ ደርግን ሶሸየት ሕብረትን ዝቃለስ ፖለቲካዊ ሰብ ምኺኑ ክሳብ እንዕዘብ እቲ ብፃውዒት ናይ ስሙር ግንባር ምትእስሳር ሕቶኡ ብዝተወሰነ ናይ ትዕዝብቲ መሰጋገሪ እዋን ኣረጋጊፅና ጥራሕ ንቕበሎ መሰረተ ሓሳብ ሕዚውን ዕድል ኣይንዓፅዎን <u>ብፕሮቢዢን</u> ክንሪኦ ተሰፋ እንተልይዎ ክሳብ መወዳእታ ክንፅዕርን ፀረ ቀዳሞት ፀላእቲ ክቃለስን ተወሳኺ ፃዕሪ ክንገብር ሕዝውን ዕድል ንህቦ ።

2. 2 ምእንቲ ናብ ፖለቲካዊ ሰብነት ክሰጋገርን ብቐዳምነት ፀረ ቀዳሞት ስትራተጂያዊ

ፀላእቲ ክቃለስን ድማ ፦

_ ንህዝቢ እንዝርግሖ ፅሑፋትና ጥራሕ ዘይኮነስ መፃሕፍቲ'ውን ምስንውሸጥና ዘድልየና ብምዝማድ ክንድዓቕምና ዘፍቅዶ ክጥቀመሉ ንገብር ፤

_ ናይ ካልኦት ውድባት ፅሑፋት'ውን ክንዲ ዝረኸብናዮ ንህቦ ፤

_ ንህዝቢ እንዝርግሖ ውድባዊ ውሳነታትን ኢንፎርመሽንን ክበፅሖ ንገብር ፤

_ ክሳብ ነፃ ዝኾነ ፖለቲካዊ ሓይሊ ምኽኑ ተገንዚብና ከም ፖለቲካዊ ሓይሊ ወይ ሰብ እንሪኦ ከም ዜጋ ጥራሕ ንሪኦ ስለዚ ድማ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ኣብ ውሽጢ ውድብና ክገብር መሰል የብሉን ። ኣብ ሓራ ቦታና'ውን ከም ፖለቲካዊ ሓይሊ ዘይኮነ ከም ዜጋ ጥራሕ ክንቀሳቐስ ንፈቅድ ፤

_ ምስ ውድባት ይኹን ካልኦት ሓይልታት ዝገብሮ ርክብ ኣብዚ ናይ ትዕዝብቲ እዋን ብፀጥታዊ ዓይኒ ከምዕኤልና ዝኽእል ሓደጋ ንምቑፅፃር ተፈቲሹ ይሓልፍ/ደብዳቤታትን ማተርያልን /ከም ነፃ ፖለቲካዊ ሓይሊ ዝኾነ ጥራሕ እዩ ነፃ ናይ ባዕሉ ርክብ ክገብር ቁፅፅር ዘይግበረሉ ክሳብ ሽዑ እዚ መሰል እዚ ክንህብ ኣይንግደድን ።

_ ውሽጣዊ ዶክዩመንትና ይኹን ካልእ ካብ ውድብ ወፃኢ ቅድም ዝተዘርገሀ ዶክዩመንት ሒዙ ኣብ እዋን ትዕዝብቲ እንዳሃለወ ክጥቀመሉ ኣይንህብን ውሽጣዊ ዶክዩመንት ካብ ውድብ ወፃኢ ንዝኾነ ዜጋ ክንህብ ግዴታ የብልናን ። ንናብራ ዘድሊ ማተርያልን ገንዘብን ክንዲዓቕምና ንህቦ ።

_ ከም ፖለቲካዊ ሰብ ዝንቀሳቐስ ቀዳማይ ዕማሙ ፀረ ደርግን ሶሽየት ሕብረትን እምበር ማሌሊት/ህወሓት ዘይምኽኑ ክሳብ ዝረአ ምሳና ዘለዎ ኣፈላላይ ብግልፂ ክቃለሰሉ ግቡእ ኮይኑ ግና ትሕቲ ፀረ ቀዳሞት ፀላእቲ ርእዩን ንቐደም ንርእሱ ፖለቲካዊ ሰብ ኮይኑን ዝገብሮ ምኽኑ ክሳብ እንዕዘብ ንፅሑፋት ምዝርጋሕ እንገብረሉ ምትሕብባርን መድረኽን ኣብዚ እዋን ናይ ትዕዝብቲ ኣይህሉን ዝብል'ዩ ።

ብሓፂሩ ነተን ዝሓተትካየን ሕቶታት መልስና ዝስዕብ"ዩ ። ምእንቲ ናብ ፖለቲካዊ ሰብነት ክትሰግር ሕዝውን ዕድል ሂብና

1. ከም ፖለቲካዊ ሰብ ወይ ሓይሊ ኣብ ህዝቢ ይኹን ኣብ ውሽጢ ውድብና ምንቅስቓስ ክትገብር ሕዚ መድረኽን ምትሕብባርን ኣይንገብረልካን ከም ፖለቲካው ሰብ ሕዚ ኣይንሪአካን ።

2. ናብ ፀረ ስትራተጅያዊ ፀላእቲ ተቓላሳይ ፖለቲካዊ ሰብ ክትዓቢ ናይ ትዕዝብቲ ዕድል ሂብና ክሳብ ሽዑ ዝምድናና ከም ሓደ ዜጋን ከም ናብ ፖለቲካዊ ሰብነት ክስጋገር እንፅዕረሉን እንተሓባበሮን ይኸውን ።

3. ንህዝቢ ዝዝርጋሕ ናትና ይኹን ናይ ካልኦት ውድባት ፅሑፋትን ኢንፎርመሽንን ንምዕናዕ ዝሕግዘካ መፃሕፍትን ንህበካ ።

4. ንሓደ ፖለቲካዊ ሰብ ወይ ሓይሊ ዝዋሃብ ነፃ ርክብ ምስ ውድባትን ምስ ተጋደልትናን ፖለቲካዊ መድረኻት ኣብ ህዝብናን ኣብ ውሽጥናን ሕዚ ኣይንህበካን ። እትልእኾን ዝመፀካን ነገር ትሕዝቶኡ ፖለቲካውን ኢኮኖሚያውን ጥራሕ እምበር ፀጥታዊ ሓደጋ ኣባና ከምፅእ ከይኾነ ኣብዚ ትዕዝብቲ እዋን ፈተሻ ጌርና ኢና ነሕልፎ ።

5. ዶክዩመንትስ ክሳብ ፖለቲካዊ ሰብነትካ እንሪአ ኣይንህበካን ።

6. ንዓኻ ዝምልከት ውሳነ ማ/ኮ ጥራሕ ኮፒ ንህበካ ሓቀኛ ኮፒ ምኽኑ ምስቲ ኦርጅናል ከተረጋግፅ ንፈቕደልካ ንባዕልኻ ተረጋግፅ ።

7. ንናብራኻ ዘድሊ ብዓቕምና ንሕግዘካ ።

ማህተም ማሌሊት
ፊርማ ኣባይ

29/6/79

ናብ ኣባይ ከመይ ቀኒኻ

ፖ/ቢ.ሮ ማሌሊት ብስሙር ግንባር ተኣሳሲ.ረ ክቃለስን ሓገዝ ክገብረለይን ብዝሓተትኩዎ መሰረት ብዕለት 25/6/79 ዝሃበኒ መልሲ በጺሑኒ ኣሎ ። ነዚ ተዋሂቡኒ ዘሎ መልሲ ዘለኒ ኣረኣእያ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ።

1. ፖ/ቢ.ሮ ግደይ ፖለቲካዊ ሰብ ዘይኮነስ ንሓሳባት ብኣንፃር ክብሩን ጥቕሙን እዩ ዝሕዞም ወይ ዝድርብዮም ካብ ዝብል ቅዋም ስለዝብገስ ትኽክለኛ ገምጋም ብዘይምኻኑ እቃወሞ።
2. ብዝተረፈ እቶም ኣብ እዋን ናይ ትዕዝብቲ መሰጋገሪ ጊዜ ብማሌሊት/ህ.ወ.ሓ.ት ክግበረለይ ዝተብሃለ ሓገዝ እዞም ዝጠቕሶም መነፀሪ ሓሳባት ተወሳኺ ኮይኖም በቲ ናይ ትዕዝብቲ እዋን ውዕል መሰረት ክቕዕል ከምዝደሊ እገልፅ ።

2.1 ኣብ ኢትዮጵያ ብዘሎ ፖለቲካዊ መድረኽ ዝኾነ ሰብ ፀረ ፋሽሽቲ ደርግን ናይ ሶቭየት ኢ.ድ ኣእታውነትን ቅዋም ዝሓዘን ንዴሞክራሲ ዝቃለስ ክሳብ ዝኾነን መስመሩ ንህዝቢ ክገልፅን ተቓለስቲ ከተኣኻኽብን ፖለቲካዊ መሰሉ እዩ ። በዚ መሠረት ኣብዚ ናይ ፕሮብሽዥን እዋን እዞም ዝስዕቡ ክእመነሎም ይግባእ ፦

2.1.1 መስመረይ ብቓል ይኹን ብፅሑፍ ንህዝቢ ክዝርግሕ ከምዝኽእል እዞም ፅሑፋት ንተጋደልቲውን ክበፅሑ ከምዝኽእሉ ኣብ ወግዒ ምስ ተጋደልቲውን ፖለቲካዊ መስመረይ እንተሓቲቶምኒ ክገልፅ ከምዝኽእል ።

2.1.2 ፖለቲካዊ መስመረይ ኣሚኑ ክሰለፍ ንዝደሊ ከተኣኻኽብን ክውድብን ከምዝኽእል ።

2. 2 እዙ ናይ ትዕዝብቲ እዋን ውዕል ካብ ክልቲኡ ወገን ሓዲኡ ኣይጠቕመንን ኢሉ ኣብ ዝኣመነሉ እዋን ክነፅጎ ከምዝኽእል ።

ግደይ ዘርኣጽዮን

4/8/79

ናብ ግደይ ዘርኣጽዮን

ቅድሚ ሕዚ ብናይ ትዕዝብቲ መሰጋገሪ እዋን ርክብ ከመይ ኢልካ ምሳና ክምትፀንሕ ዘበፃሕናዮ ውሳነን ምሳኻ ብዝተገብረ ምርድዳእን መሰረት ምሳና ኣብ እትፀንሓሉ እዋን ክንፀር ዝሓተትካየን ነጥብታት መልስና ዝስዕብዩ ።

1. ከም ሓደ ዜጋ መጠን ክትውደብ ክትፅሕፍ ወ.ዘ.ተ. ዘለካ ናይ ሓራ ቦታና ሕግታት ኣኽቢርካ ኣብ ልዕሌና ናይ ተፃብኦ ስጉምትታት ከይወሰድካ ኣብ ሓራ ቦታና ፀረ ደርግን ኢድ ኣእታውነት ሶቭየት ሕብረትን ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ክትገብር ይኹን ፖለቲካዊ ነቐፌታ ኣብ ልዕሌና ክትገብረ መሰልካ ብመሠረቱ ዝተሓለወ ክኾን ንኣምን ካብ መጀመርትኡውን ዘነፀርናዮ ነጥቢ እዩ ።
2. ምሳና ብናይ ትዕዝብቲ እዋን ኣብ እትፀንሐሉ እዋን እዙ ናይ ዜጋ መሰልካዚ ካብ ብቐጥታ ምጥቃም ኣብ ንሓደ ፖለቲካዊ ሓይሊ ምኺን ዘድሊ ካልእ መሰረታዊ ነገራት ክተተኩርን ነዚ ካብ ልቢ ትኹረት ሂብካ ናብ ፍለጡኒ ፖለቲካዊ ሰብ'የ ምባል ተብተብ ከይበልካ ጭቡጥ ቁም ነገር ዘለዎ ምድላው ምግባር ክተተኩር ይርኣየና ። ሒዚ ንቲ መሰል ንምጥቓም ተብተብ ምባል ግና ረኣዩለይ ስምዑለይ ፖለቲካዊ ሰብየ ንምባል እምበር ንነዊሕ መሪር ቃልሲ ተዳሊኻ ብዕንዓት ምእታው ኮይኑ ስለዘይረኣየና ናብዚ ትሸኩል እንተኾይንካ ናይ ትዕዝብቲ እዋን ሓገዝናን ርክብናን ኩሉ ንስሕብ መሰልክካ ብዘይናትና ሓገዝ ትጥቀም ።
3. ናይ ትዕዝብቲ እዋን እንብሎ ካብ ሎሚ ን2 ወርሒ ዝኣክልዩ ዝፀንሕ ፥ ድሕሪ 2 ወርሒ ውሳነና ነፍልጠካ ። ክሳብ ሽዑ እቲ ናይ ትዕዝብቲ እዋን ደገፍ ንገብረልካ ። እዚ ስምምዕዚ ሓደና ብዝመሰለና እዋን ክንሰርዞ ንኽእል ።

| | |
|---|---|
| ማህተም | ማሌሊት |
| ፊርማ | ኣባይ |

8/8/79

**ናብ ኣባይ ከመይ ትቕኒ**

**ፖ/ቢሮ ማሌሊት ብስሙር ግንባር ተኣሳሲረ ክቃለስን ሓገዝ ክገብረለይን ብዝሓተትኩዎ መሠረት ብዕለት 25/6/79 መልሲ ከምዝሃበንን ነዚ መሠረት ጌረ ድማ ብዕለት 29/6/79 መልሲ ከምዝሰደድኩን ዝዝከር እዩ ። ነዚ ዝሰደድኩዎ መልሲ ኣብ ግምት ብምእታው ብዕለት 4/8/79 ዝተውሃበኒ መልሲ ኣብ እዋን ናይ ትዕዝብቲ ጊዜ ክልቴና ክንክተሎ ዘለና ኩነት በቲ ተዘርዚሩ ዘሎ ነጥብታት ክሰርሕ ዝሰማማዕ ምዃነይ በዛ ደብዳበ የረጋግፅ ኣለኹ ።**

**ግደይ ዘርኣጽዮን**